ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.260 | ረቡዕ 1 ሓምለ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ዝኽሪ መምህር ኣስረስ ተሰማ 1934-2015

ገጽ 4
ዓይነ-ስዉራንን ኮምፕዩተር ቴክኖሎጂን

ገጽ 8
ጽፈት ስራሕ

ገጽ 10
ስምዒታት ዝበለጾ


# ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ኢጣልያ ተዛዚሙ

“ጽንዓትና ዋሕስና” ብዝብል ቴማ ዝተወደበ ዓመታዊ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ኢጣልያ፡ ብ27ን 28ን ሰነ ኣብ ከተማ ሚላኖ ብውዕውዕ መንፈስ ተኻዪዱ።

ኣብ'ዚ ኣብ ኩሉ ክሊ. ዕድመ ዝርከቡ፡ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኢጣልያ ዝመጽኡ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ዓመታዊ ፈስቲቫል፡ ባህላውን ስፖርታውን መደባት፡ ምርኢት ኣልባሳት ብዘሪራትና፡ መደባት ህጻናት፡ ህልው ኩነታት ሃገርና ብመንጽር ዞባውን ኣህጉራውን ምዕባለታት ዘብርህ ሰሚናር፡ ከምኡ'ውን ስእላዊ ምርኢት ዘጠቓለለ ነይሩ።

“ኤርካዶ፤” ዘርእስቱ ብኮሚቴ ሚድያ ኢጣልያ ዝተዳለወ፡ ኤርትራውያን ድያስፖራ ጸረ እገዳታት ዝቖፀድዎ ሰላማዊ ሰልፊታት ዘንጸባርቕ ስእላዊ ምርኢት፡ ካብ ተሳተፍቲ ዓቢ ኣድናቖት ከምዝረኸበ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ ንህሉው ኩነታት ሃገር ከምኡ'ውን ኣበርክቶ ኤርትራውያን ኣብ መደባት ጥሙር መኸተ ኣመልኪቱ ሰሚናር ሂቡ።

ናይ ለሚ ዓመት ፈስቲቫል፡ ካብ ኤርትራ ዝኸደት፡ ህቡባት ድምጻውያንን መዚቀኛታትን ዝርከብዎ ጉጅለ ባህሊ ብዘቕርብዎ መደባት ደሚቑ ነይሩ።





# ጨ/ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ታሪኽ ኣተኩሩ ዘካየዶ ውድድራት ተዛዚሙ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ምስ ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ማእከልን ሃማመተኤ ዞባ ማእከልን ብምውህሃድ ዝወደቦ ኣብ ታሪኻዊ ፍልጠት ዘተኮረ ውድድር፡ ብ24 ሰነ ኣብ ኣዳራሽ ባህላዊ ማእከል ተዛዚሙ።

እቲ መደብ፡ ንቕድመ-ትምህርትን መባእታን ኣብ መዝሙር፡ ንማእከላይ ደረጃ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራን ብረታዊ ቃልሱን፡ ንካልኣይ ደረጃ ድማ ኣብ ስነ-ምግባርን ሃገራውነትን ዘተኮረ'ዩ ነይሩ።

እቲ ዕላማ ቀጻሊ ውድድራት ብምስራዕ፡ ዓቕሚ፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ተመሃሮ ክብ ንምባል ከምዝኾነ ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዝተፈላለየ መሰናድኣታት ዝቐረበሉ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ንዐወታት ወረቐት ምስክርን ገንዘባዊ ሽልማትን፡ ንኣበርታውያን መምህራን ድማ መተባብዒ ሽልማት ተዋዲሉ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓላፊ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ መምህር የውሃንስ ሰለሙን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተመሃሮ ፖለቲካዊ ንቕሓቶምን ሃገራውነቶምን ክብ ንምባል ዕቱብ ጻዕራታት ክቕጽል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ኣገዳሲ መደብ'ዚ ብውህደት ክስራሓሉ ከምዝኽእል ኣገንዚቡ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ፡ ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕ፡ ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ከምኡ'ውን ኣቦመንበር ባይቶ ዞባ ማእከል ኣቶ ኣብርሃም ሰመረ ተረኺቦም ነይሮም።

# ጊንዳዕ - ብዛዕባ ሕጋዊ ንጥፈታት ንግዲ ርክብ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣብ ሕጋዊ ንጥፈታት ንግድን ግቡእ ኣጠቓቕማ ፍቓድ ዋጋንን ዘተኮረ ርክብ፡ ብ25 ሰነ ምስ ወነንቲ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ተኻዪዱ።

ሓላፊት ጨንፈር ንግዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ ማስዑዳ ሓመድ ኣብ ዘለቦ መግለጺ፡ ነጋዶ ብመምርሒታት ንግዲ ተማእዚዞም ምስ ዝጥፍኡ ካብ ዘዩድሲ መቕጻዕትን ክሳራታትን ከምዝድሕኑ ብምጥቃስ፡ ዘይምሕዳስ ፍቓድ ዋጋ፡ ብዘይ ፍቓድ ዋጋ ኣብ ንግዳዊ ንጥፈት ምውሳእ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዘይተፈቐደልካ ንጥፈት ምንጣፍ ብሕጊ ከምዘሕትት ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ምስናዕ ኣቶ ዳዊት እምባዬ ብወገኑ፡ ህንጻዊ ንዋት ዘፍርያ ትካላት ሕጋዊ ማስርሒ ክኽተላ፡ ኣብያተ-ሕብስቲ ድማ ብቑዕን ጽሩፍን ቀረብ ክዳልዋ ብምዝኻኻር፡ ቤት-ጽሕፈት ሕግን ስርዓትን ምስ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ብምትሕብባር፡ ግቡእ ምክትታል ክገብርን ካብ ሕጊ ወጻኢ ንዝጠፍኡ ስጉምቲ ክወሰደሎምን ከምዝኾነ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ታሪፍ ሃለኽቲ ዕቱብ ምቁጽጻር ክግበረሉ፡ ነጋዶ ብጅምላን ንጽልን ኣብ ዝሸጥዎ ሃለኽቲ ነገራት ሕጋዊ ኣገባብ ክኽተሉ፡ ጽሬት ከባቢ ብግቡእ ክዕቀብ፡ ከምኡ'ውን ኣብያተ-ሕብስቲ እኹልን ዝተማልአን ጥረ ነገራት ዝረኽብሉ ባይታ ክናደ፡ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ሓላፊት ጨንፈር ንግዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ ማስዑዳ ሓመድ፡ ምስ ወነንቲ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ሓወሲ ከተማ ጋሕቴላይ'ውን ተመሳሳሊ ርክብ ከምዝተኻየደት፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

## ሕጋዊ መተሓሳሰቢ

ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ይኹን ትካል፡ ሃገራዊ ባጤራ ናቕፋ ናይ ምጥቃም መሰል ጥራይ ከምዘለዎ ፍሉጥ'ዩ። መሰል ጥራይ ዘይኮነ ግን ግቡኣት ምፍጻም'ውን ናይ ግድን'ዩ።

ሃገራዊ ባጤራ፡ ካብ ባንክታት ወጻኢ ኣብ ኢድ ውልቀሰባትን ትካላትን ዓቕን ዘይብሉን ንዘይተወሰነ ግዜን ክተሓዝ ሕጋዊ ኣይኮነን።

በዚ መሰረት፡ ካብ ባንክታት ወጻኢ ተታሒዙ ዘሎ ባጤራ ናቕፋ ክሳብ ዕለት 31 ሓምለ 2026 ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ባንክታት ኣብ ዝርከብ ሕሳባትኩም ክትኣትዉ፡ ሕሳብ ዘይብልኩም ድማ ሕሳብ ከፊትኩም ኣታዊ ኪጌብርዎ ንሕብር።

እዚ ምስ ዘይግበር ግን፡ ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰድ ምዃኑ ነፍልጥ።

**ባንክ ኤርትራ**

## ተጋዳላይ - ሌተናል ኮሎኔል ጎይትኦም ተኪኤ ተሰዊኡ



ኣባል እዚ. ህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ ዞባ ማእከል - ጉዳም ተጋዳላይ ሌተናል ኮሎኔል ጎይትኦም ተኪኤ በኺት፡ ብ29 ሰነ ኣብ መበል 74 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ናብ መሰርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ጎይትኦም፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ - ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ካብ ተራ ተዋጋኢ ክሳብ ስታፍ ምልክት ክፍለሰራዊት፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሓይሊ ባሕሪ ስታፍ ምምሕዳር ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ኩባንያ ኤሪተል፡ ካብ ወርሒ ጥሪ 2022 ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ድማ ኣብ እዚ. ህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ ዞባ ማእከል ክፍለሰራዊት 24 ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ሓርበኛ ሌተናል ኮሎኔል ጎይትኦም፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 3 ደቅን'ዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ ትማሊ 30 ሰነ ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

እዚ. ህዝባዊ ሰራዊት ብመስዋእቲ ሌተናል ኮሎኔል ጎይትኦም ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ይምነ።

# ድርሳን ቅብጸተ-ተስፋ

ኣብዚ ቅንያት'ዚ፡ ጉጅለ ብልጽግና፡ ንሓደ ብህዝቡ ተፈንፊኑ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እተሓብአ፡ ዝኸሰረ ፖለቲከኛ ናብ መድረኽ ኣውጺኡ፡ ድርሳን (ወረቐት) ቅብጸተ-ተስፋ ከንብበሉ ኣዘዙዎ። እቲ መልቀስ ሓድሽ የብሉን፣ ምሕር እተመንወ እዩ። ከምዚ ዝብል፥

- ኣብ ዝሓለፈ 100 ዓመታት ታሪኽ ትንሳኣን ውድቀትን መንግስታት ኢትዮጵያ፣ ምስ ኤርትራ ዝተኣሳሰረ'ዩ ነይሩ፣ ሕጂ እውን ቀንዲ ስግኣት ሃገራዊ ድሕነትና ኤርትራ እያ።

- ሃገርነት ኤርትራ ንኢትዮጵያ ኣብ ምድኻምን ምዕናውን እተመስረተ'ዩ፣ ኤርትራ ከም ሃገር ክትቅጽል ዘይክትቅጽል ምስ ድኻምን ድኽነትን ኢትዮጵያ ዝተኣሳሰረ እዩ።

- ሻዕብያ ናይ ኩለን ጉረባብቲ ሃገራት ተቓወምቲ'ዩ ዝሓቁፍ። ሕሉፍ ሓሊፉ ዕጡቓት ስሪላኛ፡ ኣብ መሬቱ ዘዕቁብሉ እዋን ነይሩ።

እቲ ንላዕለዎት ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓለፍቲ ዝቐረበ እንዶ ታሪኽ ዘይብሉ ትንታነ፡ ኣዝዩ ዘስሕቕ እዩ። ብልጽግና ኣበየናይ ደረጃ ሕሱር ፕሮፖጋንዳ ከምዝወረደ ዘመልክት ድማ እዩ።

ኣብ ፖለቲካ፡ ቀንዲ ጠንቂ ውድቀት፡ ባዕላዊ ረጃሒ እዩ። ጠንቂ ዘይተርፍ ውድቀት ጉጅለ ብልጽግና ከኣ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ዓለምን ዘደናግር ዘይብሉ፡ ኣዝዩ ንጹር እዩ። ኣብዘን ዝስዕባ ነጥቢታት ምጥማሩ ይከኣል፦

- ብልጽግና፡ ዕብለላ ሓደ ንኡስ ጉጅለ ንምርግጋጽ ዝተኸተሎ ዘርኣዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ከፋፋሊን ኣናጻዪን ፖለቲካ፡ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ኢትዮጵያ ፈጢሩዎ ዘሎ መትሓዚ ዘይብሉ ባርዕ፡ ኲናት ሓድሕድን ግጭታትን፣

- ንዘቤታዊ ጸገማት ፖለቲካዊ ፍታሕ ኣብ ክንዲ ምንዳይ፡ ብጠበንጃ ናይ ምድቋስ ዕንደራን ተደጋጋሚ ፍሽለትን ወተሃደራዊ ስዕረትን፣

- ሒደት ትካቦ ንምርካብ ዝተኣታተወ ግጉይ ቁጠባዊ ፖሊሲታትን ብልሸው ምሕደራን፣ ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ፈጢሩዎ ዘሎ ምረት መነባብሮ፣

- ኑብሽካ ዘይምእማን፣ ብደረጃ ዞባ ኣብ ክንዲ ናብ ሰናይ ጉርብትናን ሓባራዊ ዕብየትን ምቁማት፣ ብቐንጣሮ ግንየ ተዳሲቡ፡ ንሓይልታት ግዳም ምኹዳም፣ ተልእኾ ሓይልታት ግዳም ንምፍጻም፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ምጽራድ፣

ጠንቂ ውድቀት ናይዚ ጉጅለ'ዚ፣ ግሉጽ እናኾነ፡ ብልጽግና፡ 24/7፡ ዘቤታዊ ወጥሪ ኣብ ካልእ ንምዝላቕ 'ኤርትራ' እናበለ ይቕዝም ኣሎ።

ማዕከናት ዜና ናይቲ ጉጅለ፣ ዝተዓደገ ኣጫፈርቲ ማሕበራዊ ሚድያ፣ ወጊሓ ክሳብ ትዓርብ ንኽቡር ስም ህዝቢ ኤርትራን መራሒኡን ከምርሩ፣ ኣብ መንጎ ህዝብታት ኢትዮጵያ (ኣምሓሩ፡ ኦሮሞ፡ ተጋሩ ወዘተ.) ንሓድሕዶምን ምስ ህዝቢ ኤርትራን ጽልእን ቅርሕንትን ከሰውሩ፡ መርዞም ትፋእ ክደጉሑ ይውዕሉ ኣለዉ።

እንተ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ኢትዮጵያ፡ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ንጹር'ዩ። ኣብ ዝኾነ መድረኽ ተቐይሩ ኣይፈልጥን። ህዝቢ ኤርትራ፡ ተደጋጋሚ ክሕደት እውን እናጋጠሞ፡ ንጽቡቕ ናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ እንተዘይኮይኑ ንሕማቑ ሓሊኑ ኣይፈልጥን። ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ምስ ኢትዮጵያውያን ሓቢሩ ዝሰርሐ፡ ሓራ ኤርትራን ሓዳስ ኢትዮጵያን ሕሉፍ ታሪኽ ተጻቢኦታት ዓጽዮን፡ ጥቡቕ ሽርክነትን ሰናይ ጉርብትናን ክፈጥራ ካብ ዝበሮ ልዑል ባህጊን ትምኒትን ነቒሉ እዩ። ምስዚ ሕጂ ኣብ ስልጣን ዘሎ ካሕዳይ ጉጅለ እውን፡ ብተመሳሳሊ ዕላማ ክሰርሕ ሃቂኑ ነይሩ።

ካብ ልዑል ርእሰ-ምትእምማን ዝምንጩ ፖሊሲ ዝምድናታት ወጻኢ ኤርትራ፡ ሰላምን ቅሳነትን ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ ኣካል ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ቀርኒ ኣፍሪቃ ብምዃኑ፡ ንኤርትራ ዓቢይ ረብሓ ምዃኑ እዩ ዝኣምን። በዚ መትከል'ዚ፡ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ፡ ኣብ መላእ ዞባና፡ ሰላምን ርግኣትን ዝሰፍነሉ ሃዋህው ንምፍጣር፡ ብሓላፍነታዊ መንፈስ ክሰርሑ ጸኒሖምን ኣለዉን። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ባህጊ ሰላምን ምትሕብባርን ህዝብታት ዞባና፡ ንጸቢብ ድሑርን ከፋፋልን ፖለቲካ ሰዒሩ ከምዝዕወት ኣየጠራጥርን።

**ቦርድ ጋዜጣ**

---

**ዜና**

## ፎርቶ-ሳዋ - ምትሕብባር ፖሊስን ህዝቢን እወታዊ ውጽኢት ተረኺብዎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ፡ ብምትሕብባር ፖሊስን ህዝብን ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላትን ዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ኣብ ምክልኻል ገበናትን በደላትን እወታዊ ውጽኢት ከምእተረኽበ ተገሊጹ።



ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ፎርቶ-ሳዋ ሰርጀንት ኢብራሂም ዑመር ብ24 ሰነ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ስንኻትክናብ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት ተርእዮ ገበናትን በደላትን ሳዕቤናቶምን ንምግታእ፡ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ዘተኮረ ዕማማት ከምእተኻየደ ብምጥቃስ፡ ከም ውጽኢቱ እቲ ተርእዮ እናንቈልቈለ ይመጽእ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ገበናት ከይተፈጸሙ ክትከላኸሉም ከምዝኽእልል ዝጠቐሰ ሰርጀንት ኢብራሂም፡ ኈኺ-ኈኺ'ቲ ኣብ ህዝቢ ተመሃሮን ብፖሊስ ዝካየድ ኣስተምህሮታት፡ ገበናትን በደላትን ዝጸየን ክብርታት ሕብረተሰብ ክዕቀብን ናብ መንእሰያት ክመሓላለፍን ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ኣፍልጦኦም ኣብ ሕጊ ዘዕቢ ኣስተምህሮታት ብቐጻልነት ክካየድ፣ ህዝቢ ተጠቃሚ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክኸውን ምጥርናፍ ዓዲታት ክድፋኣሉ፣ ሃሳዩ ልምዲታት ዝፍጽሙ ኣካላት ኣራሚ ስጉምቲ ክውሰደሎም፣ ሰላምን ጸጥታን ንኽወሓስ ድማ ህዝቢ ኣብ ጎኒ ፖሊስ ብምዃን ኣበርክቶኡ ከዕዝዝ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።



---

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም   ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ   ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍሰ 125013 - ቍ:ሳጶ 1284

---

## ሓልሓል - ሕርሲ ኣብ ትካል ጥዕና እናበረኸ ከምዝመጸ ተገሊጹ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል ብዝግበር ዘሎ ቀጻሊ ጎስጓሳትን ምክትታልን፡ ቁጽሪ ኣብ ትካል ጥዕና ዝሓርሳ ኣደታት እናበረኸ ከምዝመጸ ተገሊጹ።

ሓላፊ ማእከል ጥዕና ሓልሓል ነርስ ሃሸም ሑመድ፡ ኣብ ውሽጢ ቀዳሞት 5 ኣዋርሕ ናይ'ዚ ዓመት ክትትል ቅድሚ ሕርሲ ካብ ዝጀመራ 159 ኣደታት፡ እተን 153 ኣብታ ማእከል ጥዕና ከምእተገላገላ፣ 6 ድማ ንላዕለዋይ ሕክምና ናብ ሆስፒታል ከረን ከም እተላእካ ኣብሪሁ።

ኣብ'ታ ትካል ጥዕና፡ ምክትታል ሕርስን ጥንስን፡ ናብዮት ህጻናት፡ ኣከቡብያዊ ጥዕና፡ ኣገልግሎት ለቦራቶሪ፡ ምንጻር ሕማም 'ቲቢ'፡ ከምኡ'ውን ካልእ ኣገልግሎታት ይወሃብ።

ሓልሓል ካብ ከረን ንሸነኽ ሰሜን ኣስታት 45 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ትርከብ።



# ዝኽሪ መምህር ኣስረስ ተሰማ

## 1934-2015

## መምህር፡ ሙዚቀኛ፡ ደራሲ፡ ገጣሚ፡ ሓዳሚ፡ ጋዜጠኛ፡ ተጣባቒ ባህልን ቋንቋን. ..



### ዓወት ተኸለ

መምህር ኣስረስ ተሰማ፡ ቅድሚ 11 ዓመት እዩ፡ ብሸውዓተ ሓምለ 2015፡ ኣብ መበል 81 ዓመቱ'ዩ ዓሪፉ። መምህር ኣስረስ ተሰማ፡ ካብቶም ኣብ ሞያ ዘመናዊ ስነጥበብ ሃገርና ድሙቕ ኣሰር ሓዲጎሙልና ዝሓለፉ ኣርካናት ሓደ እዩ። ብዙሓት ከም ዝሰማምዑሉ ንሱ፡ ኩሉ መዳያዊ ስነጥበበኛ'ዩ እውን ነይሩ። ብኸምኡ፡ ዳርጋ ኩሉ ኣብ ስነጥበብ ዝግደስ ኤርትራዊ፡ በዚ ኢሉ በቲ ንመምህር ኣስረስ ይፈልጦ እዩ።

መምህር ኣስረስ ዋላ'ኳ ብህይወት ይፈልየና'ምበር፡ እቲ ንሃገሩ ገና ካብ ግዜ ንእስነቱ ኣትሒዙ፡ ብግቡእ ትምህርትን ባዕሉ ንኡብሶም ብምምሃር ዘማዕበሉዎን ሞያታቱ ተጠቒሙ ዘፍረዮን ዘሓደጎን ስነጥበባዊ ዕዮታቱ ግና ነባሪ እዩ።

መምህር ኣስረስ፡ ፈለማ ከም ተማሃራይ፡ ድሓር ከኣ ካብ 1954/5 ኣትሒዙ መምህር ብምዃኑ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት፡ ብምውሳእ፡ ብምቕባእ፡ ድሒሩ ድማ ብዓቢኡ መሳርሒ ሙዚቃ መሊኾ ኣብ ኣብያተ ትምህርትታት ብምጽዋት፡ እዩ ዝኾኑ ዝነበሩ። ካብ 1956/7 ንድሓር ግና መምህር ኣስረስ ኣብ ኣስመራ ምስቶም ብጾቱ ብምዃን ማሕበር ምምዕባል ሃገራዊ ልምዲ (ማ.ም.ሃ.ል.) ዝተሰምየት ጉጅለ ብምምስራት ኣኮርድዮኑ ሒዙ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ክርኣዩ ጀመሩ።

ቅድሚ'ዚ ግዜ እዚ'ውን ተማሃራይ ኮይኑ፡ ካብ 1953፡ ኣትሒዙ ናብ ጋዜጣታት ጽሑፋቱ ብምልኣኽ፡ ኣብ ሞያ ጽሕፈት ተቐልቀለ። መምህር ኣስረስ ዝነበሮ ቁጠባዊ ጸገም ዓንቂፉዎ፡ ኣብ 1954 ገና ምስ ልዑል ትምህርቲ ናይ ምቕጻል ባህጉ'ዩ፡ ናብ ሞያ ምምህርና ቀዳማይ ደረጃ ኣትዩ፡ ናብታ ዝተማህረላ መባእታ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ቲቦ፡ መንደፈራ (ዓዲ ወግሪ) ተመዲቡ ስራሑ ዝጀመረ።

ተማሃራይ ኮይኑ ዝጀመሩዎ ናይ ምስኣል ወኒ'ውን ነይሩዎ'ዩ። ብኸምኡ ይመስል'ውን፡ ካብ 1958 ካብ ማእከል መሰልጠኒ መምህራን ተመሪቑ ካብ ዝወጽኡሉ ግዜ ኣትሒዙ፡ ናብቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተኣታተወ ዝነበረ፡ ዘመናዊ ኣገባብ ኣመሃህራ ኦውድዮ ቪዥዋል ብምስግጋር፡ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ኤርትራ ናይቲ ኣሃዱ ሓላፊ ብምዃኑ፡ ምስ ብጾቱ ብዓል ግራዝማች ኣለማዮህ ካሕሳይን ካልኦትን ናብ መላእ ሃገር፡ እናተንቀሳቐሱ ንተማሃሮ ናይቲ ግዜ'ቲ ዘይርሳዕ ዝኽሪ ዝገደፈ፡ ትምህርታውን ኣዛናዩን ፊልምታት የርእዩ ነበሩ።

መምህር ኣስረስ ተሰማ፡ ማ.ም.ሃ.ል. ምስ ደኸመት'ውን ኂኒ ኂኒ ምምህርናዊ ሞያኡ፡ ኣብ 1961 ምስ ብጾቱ ብምዃኑ፡ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ፡ "ሙዚቃ ተማሃራይ" ዝብል ዓመታዊ መደብ ሰሪዮም ይነጥፉ ነበሩ። ኣብቲ ዓመት'ቲ ከኣ እዩ፡ ምስ ብጾቱ መምህር ግራዝማች ኣለማዮሁ ካሕሳይ፡ ስነጥበበኛ ተወልደ ረዳን ስነጥበበኛ ትኳቦ ወልደማርያምን ብምዃኑ፡ እቲ ካልእ ቀንዲ ኣብ ታሪኹን ታሪኽ ሃገር ብዓቢኡን ተዘካሪ ዝኾነ ማሕበር ትያትር ኣስመራ (ማ.ት.ኣ.) ናብ ምምስራት ዝኣተወ።

ከምቲ ዝፍለጥ ኣብ 1961 ንሳቶም ዘበገሱዎን ብጾቶም ኣኹቲሎም ኣብ ማእከል ኣስመራ ማሕበር ሙዚቃን ተዋስኦን ከበግሱ እንከለዉ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ከኣ፡ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገር ብሰንኪ ጉዝኢ ሓይሊ ሃጼይ ሃይለስላሰ ናብ ዝኸፍአ ደረጃኡ በጺሑ ብምንባሩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንኡ ንምምካትን ሕቶኡ ብቓልሲ ንምምላስን ብረታዊ ቃልሲ ዝጀመረ። እቲ ምግጥጣም እቲ ከኣ፡ ተራ ምግጥጣም'ዩ ነይሩ ኢልካ ክሕለፍ ኣይክእልን። ተራ ምግጥጣም ዘይምንባሩ፡ ካልእ ምስክር ከይደለዩ፡ ኣብቲ ዝቐጸለ ዓሰርተ ዓመትን ብድሕሪኡን ኤርትራዊ ከካብ ዝነበሮ ብደርፍታትን ተዋስኣታትን ማ.ት.ኣ እናተጎሳጎሰን ብዝነበረ ኩነታት እናተደፍአን፡ ሃገራውነቱ ከበርኽን ንቓልሲ ክነቅልን ተራእዩ'ዩ።

እዚ ኣብ ዝኽርን ልቦናን ኣሽሓት ኤርትራውያን ክሳብ ሎሚ "እቲ ገዛና ዓቢ ህድሞ!"ን ካልኦት መሰልታ ዝኾና ፍርያት ማ.ት.ኣ. ዝኾና ደርፍታትን እናኾተሰምዕ ዝቕስቀስ ዝኽሪ ምስክሩ እዩ። ኣብ ታሪኽ ምቛምን ምቕጻልን ማሕበራት ሙዚቃ ሃገርና፡ መዳርግቲ ዘይብላ ማትኣ፡ እታ እንኮ ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ብብቕዓት ዕዮታታ ዘሰላሰለትን ኣዚያ ጸላዊትን ቅብልትን ዝኾነትሉ ምኽንያት ከኣ፡ ብኣውራኡ ከምቲ ብዙሓት ዝሰማምዕሉ ብቕዓት ምሕደራን ኣብነታዊ ኮይንካ ምስራሕን መምህር ኣስረስን ብጾቱን ዝደረኾ ምንባሩ ምምስካር ኣገዳሲን ኣድላዩን እዩ።

መምህር ኣስረስ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ከምኡ ኢሉ ኣብ ናይ "ኦውድዮ ቪዥዋል" ዕዮታት እናነጠፉ፡ ኣብ ማ.ት.ኣ ተጸሚዶም እናሰርሑ ከለዉ፡ ኣብ ሞያ ምድራስን ምሕታምን መጽሓፍቲ'ውን ኣድሂቡ ይሰርሑ ምንባሮም፡ ከም ሱብ ማዕረ ክንደይ ብዲስፕሊን ንግዜ ብግቡእ ብምጥቃምን ዝኸዱ ዘመናዊ ሱብ ምንባሮም ዘርኢ እዩ። ከም ውጽኢቱ፡ መምህር ኣስረስ ካብ 1964 ክሳብ 1970 ኣብ ዝነበረ ዓመታት፡ ሓሙሽተ መጽሓፍቲ ብምድራስ ናብ ማሕተም ኣብቕዑ። እዚኣተን፡ "መካጸር፣ ልብን ሳዕርን እናሓደረ ይብቁል"፣ "መጋረጃ፣ ናይ ደም ጽሑፍ"፣ "መጋረጃ፣ ዝተሓዝለ ሱበኣይ"፣ "ክልተ መፋትሕ"ን "ንሽኻን መሬትን" ዝብላ እየን። ኂኒ ኂኑ፡ መምህር ኣስረስ ኣብ 1966 ምስ ብጾቱ እኒ ብዓል ኣቶ ግደ ጉብረን ኣዲ ጉብረን፣ ኣርኣያ በላይ፣ ኣብርሃ ጉብረህይወት፡ ምስግና ተኽሰተ፡ እምሃጽዮን ተኽሰተ፡ ኣማኑኤልን ጺጋይን ዝተባህሉ ብጾቱ ብምዃኑ፡ ኣብቲ ቋንቋ ትግርኛ ካብ ስርዓተ ትምህርቲ ኤርትራ ክውገድ ዝተፈርደሉ ግዜ፡ "መጽሔት ኣስመራ" ዝሰመዩዋ ጽሕፍቲ ኣዳልዮም ክዝርግሑ ጀሚሮም። እታ መጽሔት ብብቕዓታን ተቐባልነታን እትንኣድ ምንባራ ከኣ ናይቲ ግዜ ሰባት ይምስክሩላ።

መምህር ኣስረስን ማ.ት.ኣ.ን ኣብቲ ክሳብ መፋርቕ 1960ታትን ዝነበረ ግዜ ኣብ ኤርትራ ብመድረኻዊ ዕዮታቶም ብዙሕ ተቐባልነት ኣጥርዮምን የንጸላሉ ንዝነበረ ባህላዊ ጽልዋ በዲሆምን። ካብኡ ሓሊፎም'ውን ኣብ 1966/7፡ ናብ ማእከል ኢትዮጵያ ብምጓዓዝ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ምስ ኤርትራውያን ተማሃሮ ዩኒቨርሲቲ ብምትሕብባር፡ ሓደ ኣብ ታሪኽ ፈጺሙ ዘይርሳዕ ፍጻመ ኣመዝገቡ። እቲ ኣብ "ብሄራዊ ትያትር" ዝቐረበ ምርኢታት ማ.ት.ኣ፡ ንመላእ ኣዲስ ኣበባ ኣንቀሳቒሱ፡ ንኤርትራውያን ጥራይ ዘይኮነ ዋላ'ውን ኑቶም ቋንቋታት ኤርትራ ዘይሰምዑ ኢትዮጵያውያን ናብቲ ኣደራሻት ከም ዝውሕዙን ኑቲ ምርኢታት ብሃንቀውታ ከም ዝዕዘብዎን ዝገበረ ምንባሩ ኣብ ታሪኽ ይዝንቶ። ብፍላይ ደርፍታት ከም ብዓል "እቲ ገዛና ዓቢ ህድሞ" ተዓብዒቡ ንዝነበረ ኤርትራዊ ስምዒት ከም ዝፍንጀር ብምግባር፡ ኑቲ ኣደራሽን ካብቲ ኣደራሽን ልዑል ስምዒት ፈጠረ። ካብኡ ብምብጋስ ከኣ ሰበስልጣን ናይቲ ስርዓት፡ ንስርሓት ማ.ት.ኣ. ዳግማይ ናብ ሰንሱር ኣትዩ ከም ዝፍተሽ ክሳብ ምግባር በጽሑ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ብድሕሪኡ፡ ብፍላይ ኣብ ሰዓታት ለይቲ፡ ኣደራሻት ሙዚቃ ናይታ ከተማ ብኤርትራዊ ደርፍታት ተዓብሊሉ ብምንባሩ፡ "ኣዲስ ኣበባ ብቐትሪ ኣምሓርኛ - ብለይቲ ትግርኛ" ዝዓብለላ ከተማ ኮይና፡ ነበረት። መምህር ኣስረስ ብፍላይ ኣብ ፍርያት ደርፌ ትብርህ ተሰፋሁነይ ልዑል ጽልዋ ዝነበሮም ስነጥበበኛ እዮም። ብእኣ ኣቢሎም ከኣ፡ ኑቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ኩቡሉዎ ዝደልዩ ዝነበሩ ኩሉ ይብሉዎ ነይሮም።

ደራሲ ሕደማ እቲ ገዛና ዓቢ ህድሞ ዝኾኑ መምህር ኣስረስ ተሰማ፡ ኣብ ማ.ት.ኣ. ሙዚቃ ብምጽዋት፡ ዜማን ግጥምን ብምድራሱ፡ ዋና ጸሓፊ ብምዃንን እዮም ንኣስታት 10 ዓመት ሰሪሖም። ኑቲ ናይቲ ዓመታት'ቲ ኣበርክቶኦም ብቐረባ ዝፈልጡ ሰባት ከኣ፡ ንመምህር ኣስረስ "ዓንዲ ሕቖ ማትኣ እዮም ነይሮም!" ብምባል ይምስክሩሎም።

መምህር ኣስረስ ተሰማ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ብተወሳኺ እቲ ናብ ጋዜጣታት ምጽሓፍ'ውን ብምቕጻል፡ ብፍላይ ኑቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተኣታቶ ዝነበረ ጽልዋ ቋንቋ ኣምሓርኛ ዝፈጠሮ ምትሕንፋጽ ቋንቋን ምብልሻውን ብትሪ ብምቅዋም ብቐጻሊ ንምቕራሙ ጽሑፋቶም ኣብ ጋዜጣ የውጽኡ ምንባሮም፡ ሰነዳት ይምስክሩ። ንሶም ኣብ ባህልን ቋንቋን መንነትን ዝያዳ ዝግደሱን ንኡ ንምዕቃብን ምምዕባልን ከኣ ብዓቕሞም ዝተግሁ ምሁር እዮም ነይሮም። ንሶም ኣብቲ ኩሉ ብሙዚቃን ብጽሑፍን ዝቃለሱሉ ዝነበሩ ግዜ፡ ብቐጻሊ ናይ ጉዝኢ መንግስቲ ምኽትታልን ዕንቅፋታትን የጋጥሞም ምንባሩ ከኣ፡ ናይቲ ዘካይዱዎ ዝነበሩ ቃልሲ ነጸብራቕ እዩ። ንኣብነት ሳልሳይ ክፋል መጽሓፍ መጋረጃ ከሕትሙ እናደለዩ፡ ብሰንኪ ናይ ሰንሱር እገዳ እታ መጽሓፍ ኣብ እዋና ከይተሓትመት ምትራፋ እዩ ዝፍለጥ።

መምህር ኣስረስ፡ ኣብ 1972 ናብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ከዱ'ውን እንተኾነ፡ ኑቲ ኣብ ሃገሮም ከለዉ ዝገብሩዎ ዝነበሩ ንጥፈታት ዋላ'ኳ መቺኡዎም ብስሩዕ ኣይቐጸሉዎ እምበር፡ ብዓቕሞም ኩሉ ዝክኣሎም ይገብሩ ምንባሮም እዩ ታሪኾም ዝገልጾ። ኣብ ግዜ ደርግ'ውን እንተኾነ፡ ቋንቋ ትግርኛ ከይዓብርን ከይቀርርን ብዓቕሞም ኩሉ ዝከኣሎም ኣብ ምግባር ተጸሚዶም ይሰርሑ ነይሮም እዮም። ከም ውጽኢቱ ናጽነት ሃገር ምስ ተጋህደ፡ ብኡ ንብኡ ኑቲ ተዓጊቱ ዝነበረ ስምዒቶምን ባህጎምን ብምብርባር፡ ካብ 1991 ኣትሒዞም ክሳብ 2010 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ "ኣስመራ፣ ትርግታ ናፍቖት"፣ "ደሃይ ባህሊ"፡ "ሓዊ እግሩ"፡ "ሞሳዘጊ"፡ "ጠዓሞት"፡ "እሂን ምሂን"፡ እታ ኣብ ሰንሱር ተሪፋ ዝነበረት ሳልሰይቲ ክፋል መጋረጃ ዘላታ እኩብን፡ ካልእ "ማህደር ተማሃራይ" ዘርእስታ ኣብ ትግራይ ዝተሓትመትን፡ ብጠቕላላ 13 መጽሓፍቲ ኣሕቲሞም። እታ ንተመኩሮኦምን ተመኩሮ ብጾቶምን ዝሓዘት መጽሓፍ "ጠዓሞት" ከኣ ብፍሉይ ክትጥቀስ ይግባእ። ከምኡ'ውን ካልእ ኣዝዩ ብዙሕ ዝቐጸሩ፡ ኣብ ጋዜጣታትን መጽሔታትን ሬድዮን ዝተኣንገደ ዓንቀጻት ኣፍርዮም።

እቲ ዝገርም፡ ሓደ ካብ ኣንበብቶም ዝኾኑ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝነብር ኤርትራዊ ኣብ 2013፡ ንመጽሓፍ "ንሽኻን መሬትን" በቲ ንኡ ኣብ 1960ታት ዝፈጠረትሉ እወታዊ ጽልዋ ተደሪኹ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ እውን መንእሰያት ከንብቡዋ ይግባእ ብዝብል ድርኺት፡ ብናቱ ተበግሶ ዳግማይ ከም እትሕተም ገይሩዋ፡ ኣብቲ ኣብ ኣደራሽ ሃኮስኤ ዝተገብረ ናይ ምልላይ መጽሓፍ መድረኽ ተረኺቡ ነይሩ።

መምህር ኣስረስን ብጾቶምን ኣብ ስነጥበብ ሃገርና ዝገበሩዎ ኣበርክቶ እምበኣር፡ ብግቡእ ተጸኒዑ ክስነድን ብዝተፈላለየ መልክዑ ክቃላሕን ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። በዚ ዕላማ'ዚ፡ ኣብዚ ቅንያት ታሪኽ ህይወት መምህር ኣስረስ ዝሓዘት መጽሓፍ ተሓቲማ፡ ጽባሕ ሓሙስ፡ ኣብ ሲነማ ሮማ ትምረቕ ምህላዋ ፈሊጥ። እቲ ተበግሶ ዝንኣድ ብምዃኑ፡ ኑቲ ተበግሶ ንዝወሰዱን ንደራሲን ምስጋናይ ክገልጸሎም እደሊ። ናይ ካልኦት ኣብ ምዕባለ ስነ-ጽሑፍን ስነጥበብን ሃገራት ልሉይ ኣበርክቶ ዝገበሩ ዜጋታት ኣበርክቶ እውን ብኸምኡ ኣገባብ መጽናዕቲ ተኻዪዱሉ ክስነድን ብመጻእቲ ወለዶታት እናተነበበ ኣብኡ ክኸውንን ዘለኒ ባህጊ፡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ እላቦ።

- - - - - - - - - - - - -

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ጸብጻብ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:45 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ገሉብ ደሓን |
| 14:20 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:50 | ህርመት |
| 16:20 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ፊልም ሕዱጋት |
| 18:20 | ዶክመንታሪ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጸባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ዓይነ-ስዉራንን ኮምፕዩተር ቴክኖሎጂን

ኮምፕዩተር ቴክኖሎጂ፡ መሰረታዊ መነባብሮ ሚልዮናት ህዝብታት ዓለም ዝለወጠ ዘሎ ምህዞ እዩ። ብፍላይ ሂወት ስንኩላን ኣብ ምምሕያሹ፡ መሰረታዊ ዘጋጥሞም ጸገማት ኣብ ምፍታሑ፡ ዓብዪ ዕድላት ኣብ ምኽፋት ዘለዎ ኣበርክቶ መዳርግቲ የብሉን እንተ ተባህለ ብፍጹም ኣይተጋነነ። ኣብዚ ዘለናዮ ድጂታላዊ ዓለም፡ ስንኩላን ብዙሓት ኣጠቓቕማን ኣተሓሕዛን ኮምፕዩተር ዘለዎም ኣፍልጦን ክእለትን ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናማዕበልዎ እንተኸይዶም፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሞያታት ከምኡ'ውን ዕለታዊ መነባብሮኦም ክሰርሑ ኣይክጽገሙን እዮም። ንሎሚ ዓይነስውራን ብኸመይ ኮምፕዩተር ከም ዝጥቀሙን ኮምፕዩተር ንምጥቃም ዝሕግዞም ዝተፈላለዩ ሶፍትዌራትን ሓገዝቲ ናውትን እንታይ ይመስሉ ክንደህስስ ኢና።

መብዛሕትና፡ ዓይነስውራን ብኸመይ ኣገባብ ኮምፕዩተር ይጥቀሙ፧ ብኸመይ'ከ መሰረታዊ ናይ ቤት ጽሕፈት ስራሓቶም የሰላስሉ፧ ዝብሉ ሕቶታት ነልዕል ኢና። ገሊና'ውን ብኸመይ ይምሃሩን ነብሶም ክኢሎም ይዓዩን እኹል ኣፍልጦ ከይህልወና ይኽእል እዩ። ብዘየገድስ ዘለና ሓበራዊ መረዳእታ፡ ዓይነስውር ተማሂሩ ክሰርሕን ከፍርን ይኽእል'ዩ ዝብል ወሰድና፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ዓይነስውራን ዘለዎም ብቕዓትን ክእለትን ኣማዕቢሎም ኮምፕዩተር ክጥቀሙ ከምዝኽእሉ ብዋዕባ ኣማስኪሮም ኣለው። ብኸመይ ንዝብል ሕቶታት ድማ ብኸምዚ ሕጽር ዝበለ ኣገባብ ተገሊጹ ኣሎ።

በርን ወረቐትን ሓደ ናይ ርእየት ጸገም ዘይብሉ ሰብ ዝጥቀመሉ ኣገባብ ጽሑፍ እዩ። ስርዓት ብረይል ድማ ሓደ ዓይነስውር ብጭፍራታን ስሌት ዝበዝሐ ጸፊሕ ቦርድን ብምጥቃም፡ ኣብ ወረቐት ብሹዱሽተ ነጠብጣባት ዝቖሙ ፊደላት ዝንበብሉ ስርዓት-ጽሕፈት እዩ። ሎሚ በርን ወረቐትን ብስርዓት ኮምፕዩተር እናተተክኡ ይኸዱ ኣለው። ብረይ'ውን ከምኡ ብደገፍ ቴክኖሎጂ ካብ ልምዳዊ ኣጸሓሕፋ ወጺኡ፡ ዓይነስውራን ኣብ ኮምፕዩተር ብዝተፈላለየ ኣማራጺታት ከንብቡን ክጽሕፉን ክኢሎም ኣለው።

ናይ ርእየት ጸገም ዘይብሉ ሰብ ብኪቦርድ፡ ማውዝ፡ ስክሪን ተሓጊዙ ኮምፕዩተር ክጥቀም ይኽእል። ዓይነስውርከ ኮምፕዩተር ክጥቀም እንታይ የድልዮ፧ ከምቲ ንፈልጦ ናይ ርእየት ጸገም ዘይብሉ ሰብ፡ ኣብ ኮምፕዩተር ክጽሕፍ ኪቦርድ፡ ክንብብ ስክሪን ከምኡ'ውን ቀስቲ (cursor) ከንቀሳቕስ ማውዝ ከም ዘድልዮ ብሩህ እዩ። ሓደ ዓይነስውር ድማ ካብኡ ብዙሕ ብዘይፍለ ክጽሕፍ ኪቦርድ፡ ክንብብ ናይ ደምጺ ሶፍትዌር ወይ'ውን ናይ ብረይል ሶፍትዌርን ሃርድዌርን የድልዮ። እዚ ማለት ሓደ ዓይነስውር ኮምፕዩተር ስክሪና ጠፊኡ ከሎ'ውን እንተኾነ ብዘይ ጸገም ክጥቀመላ ይኽእል እዩ። እቲ ካብ ኣእምሮ ኮምፕዩተር (CPU) ዝወጽእ ሓበሬታ፡ ብደምጺ ወይ'ውን ብብረይል ዳህሳሱ ስለዝርድኦ ስክሪን ምጥቃም ኣየድልዮን። ብዘይካ'ዚ ኮምፕዩተር ዝጥቀም ዓይነስውር፡ ነታ ቀስቲ ብማውዝ ከንቀሳቕሳ ስለዘይክእል፡ ብኪቦርድ ተሓጊዙ ናብ ዝደለዮ ትእዛዛት ኣንቀሳቒሱ ክጥቀመላ ይኽእል። ስለዚ ከምቲ ገሌና ዝመስለና፡ ንዓይነስውራን ተባሂለን ብፍሉይ ዝስርሓ ኮምፕዩተራት የለዋን። ነተን ኣብ መዓልታዊ ሂወትና እንጥቀመለን ኮምፕዩተራት ንዓይነ-ስውራን ዘገልግሉ ሶፍትዌራት ብምጽዓን ኢና ተጠቃምቲ ንገብረን።

ናይ ደምጺ ሶፍትዌርን ናይ ብረይል ሃርድዌርን እንበሎም መሳለጥያ ከመይ ዝበሉ እዮም፧ ኢልና ምሕታትን ሙብርሂ ምሃብን'ውን ኣገዳሲ ኢዩ። ናይ ደምጺ ሶፍትዌር ሜካኒካዊ ከምኡ'ውን ተፈጥሮኣዊ ደምጺ ደቒሱብ ብናይ ኮምፕዩተር ፕሮግራም ተጻሚሩ (Synthesize) ኮይኑ፡ ብመልክዕ ሶፍትዌር ኣፕሊኬሽን ይዳሎ። ኣብ ዝኾነ ዓይነት ስርዓተ-መማሰርሒ ኮምፕዩተር (operating system) ክጽዓን ይኽእል። ኣብ ዕዳጋ ዓለም ሎሚ ንዓይነስውራን ዘገልግሉ ዝተፈላለዩ ናይ ደምጺ ሶፍትዌራት ኣለው። ካብኦም ፍሉጣት ስክሪን ኣንባቢቲ ሶፍትዌራት ጃውስ፡ ኤንቪዲኤ፡ ናሬተር ምጥቃስ ይከኣል። እዞም ሶፍትዌራት ንዝጠዝሉ ብኡኡን ዝጽሓፉ ቋንቋታት ከንብቡ ይኽእሉ፡ ንኣብነት ጃወስ እንተወሰድና ቋንቋታት እንግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ ጥልያን፡ ጀርመን፡ ስጳኛ፡ ፖርቱጋል ከምኡ'ውን ቋንቋ ፊኒሽ የንብብ።

ናይ ብረይል ምርኢት (display) ከም ኪቦርድ ኣብ ኮምፕዩተር ዝቖልዕ ኮይኑ፡ ነቲ ኣብ ስክሪን እንርእዮ ቀለማዊ ፊደላት ብናይ ብረይል ሶፍትዌር ናብ ናይ ብረይል ምልክታት ተተርጒሙ ልክዕ ከምቲ ዳታ ካብ ሲፒዩ (CPU) ናብ ስክሪን ብኬብል ሰጊሩ ብዓይንና እንርእዮ፡ ናይ ብረይል ዳታ ናብቲ ብረይል ዲስፕለይ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ይሰግር። እቲ ዓይነስውር ድማ ብኣጻብዕቱ እናዳህሰሰ፡ ነቲ ካብ ሲፒዩ ዝመጸ ሓበሬታ ከንብቦ ይኽእል። ይኹን እምበር ዝበዝሑ ዓይነስውራን ናይ ደምጺ ሶፍትዌር ስለዝሓስርን ንምጥቃሙ ዝቐለለ ብምዃኑ፡ ካብ ብረይል ንላዕሊ ደምጺ ምጥቃም ይመርጹ። ብፍላይ ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ዓይነስውራን ኣብዚ ሕጂ እዋን ናይ ደምጺ ሶፍትዌራት ተጠቒሞም እዮም መዓልታዊ ዕዮኦም ዘኻይዱ።

ዓይነስውር፡ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታቱን ስርሓቱን ክገልገለሉ ዝኽእል፡ ብደምጽን ብብረይልን ሶፍትዌራት ዝንበቡ ፕሮግራማት ኣለውዎ። እዚ ማለት ድማ፡ ኣብ ኮምፕዩተር ዝጽዓኑ ዝበዝሑ ፕሮግራማት በዞም ሶፍትዌራት ክንበቡ ይኽእሉ። ንኣብነት ሓደ ዓይነስውር ማይክሮሶፍት ኦፊስ ብዘይጸገም ክጥቀም ይኽእል። ብኪቦርድ ዘለዉ ሓጸርቲ መንገድታት (short-cuts) ተሓጊዙ ናብ ዎርድ ይኣቱ። ብዘይጸገም ክጽሕፍ፡ ከንብብን ክእርምን ይኽእል። በዞም ሓገዝቲ ናይ ኮምፕዩተራት ፕሮግራማት ኣቢሉ ክኣ፡ መግለጺታትን ኣስተምህሮታትን ክህብ፡ ቁጽራዊ፡ ስታቲስቲካውን ካልእ ዕዮታትን ክቕምር፡ ብመንገዲ ኢንተርነት ዳህሳሳትን መጽናዕትን ክገብርን ከምኡ'ውን ዘድልዩ ሓበሬታታት ክጽዕንን ከውርድን ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ኣብ ኩሎም ዓይነታት ማሕበራዊ መራኸቢታት ተጠቃሚ ክዕበዩ ይኽእል።

ከም ዝፍለጥ፡ ኣብ ኮምፕዩተር እንገብሮም ንጥፈታት፡ ብሓገዝ ቀስቲ ማውዝ ኣብልና ዕዮታትና ነተግብር። ዓይነስውራን ግን ብቀስቲ ማውዝ እናገበሩ ዕዮታቶም ክተግብሩ ኣይክእሉን እዮም። እኳ ድኣ ካብኡ ብዝበለጸ ብዘይቀስቲ ናይ ማውዝ ካብ ፕሮግራም ናብ ፕሮግራም እናተሰጋገሩ ብፍሉይ መንገዲ የንቀሳቕሱ። ክኢላታት ኮምፕዩተር ሳይንስ፡ ማውዝ ጀመርቲ ወይውን ተልሚደን ብቐሊሉ ቀስቲ ከንቀሳቕሱ ተባሂሉ ዝተማህዘ ምዃኑ ይገልጹ። ማውዝ ምጥቃም ትህኪትን ስንፍናን ዘስዕብ ብምዃኑ ጽቡቕ ምልክት ኮምፕዩተር ዘለዎ ሰብ ብቑጻሊ ማውዝ ክጥቀም ተመሪጹ ኣይኮነን። ንነፍሲ ወከፍ ማውዝ ብምንቅስቓሳን ብምጥዋቑን እንኸዶ ፕሮግራም ብኪቦርድ ሓጺር ኣገባብ ኣለዎ። ስለዚ ንዓይነስውራን ካብ ሓደ ፕሮግራም ናብ ካልእ ፕሮግራም ምስጋር ከቢድ ዕዮ ኣይኮነን። ብርግጽ ብዙሓት ናይ ኪቦርድ ሓጸርቲ ኣገባባት ክሽምድዱን ክጽንዑን ከምዘለዎም ይፈልጡ እዮም።


ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መላገም ኪቦርድ እቲ ኪቦርድ ዝወክሎ ፊደል ወይ'ውን ኣገልግሎት ብቐሊሉ ተጻሒፉ ኣሎ። ሓደ ኣዒንቱ ዝርኢ ነዞም ፊደላት እናርአየ ብቐሊሉ ክጥቀም ከምዝኽእል ንፈልጥ ኢና። ሓደ ዓይነስውር ድኣ ብኸመይ ነዞም ከባቢ 100 ዝበጽሑ ዝዘርዝሩ ደቀቕቲ መላገም ኪቦርድ ኣቀማምጥኦም መሊኹ ቅልጣፈ ጽሕፈት ክህልዎ ይኽእል፧ ኩልና ከምንፈልጦ መጀመርታዊ ስልጠና ኮምፕዩተር ክንወስድ ከሎና፡ ግቡእ ኣቀማምጣ ኣጻብዕ ኣብ ኪቦርድ ንምሃር ኢና። እዚ ማለት መመልከቲቶ ጸጋመይቲ ኢድና ኣብ ኤፍ (F) ከምኡ'ውን መመልከቲቶ የማነይቲ ኢድና ኣብ ጀይ (J) ብምቕማጥ ክንጠቅስ ከምዘለናን ዝበን ፊደላት ማእከል ብምግባር ናብ ኩለን ፊደላትን ቁጽርታትን ኣጻብዕና ከነንቀሳቕስ ከምዘሎና ተማሂርና ኢና። ኣስተብህልኩም'ዶ ኣለኹም፧ ኣብ ኤፍን ጀይን ወጻኢ ዝበለ ሕንጣጥ ምልክት ኣሎ። እዚ ንዓይነስውራን ዓቢ ትርጉም ኣለዎ። ከምማለሲ የገልግሎም፡ ዝበን ፊደላት ድሕሪ ምሓዞም ዝተረፈ ክጽሕፉ ኣይሸገሩን። ብዘይካ'ዚ ዝከርን ብማስረት ሕጊ ኮምፕዩተር ምልክት ጽሕፈት ኮምፕዩተር ክህልወካ እንተደሊኻ ኣዒንትኻ ናብ ስክሪን እምበር ናብ ኪቦርድ ክትጥምት የብልካን። እዚ ማለት ኣዒንትኻ ናብ ስክሪን እናጠመትካ ከም ሓደ ዓይነስውር ጥራይ ኢኻ ኪቦርድ ሃሰው ክትብሎ ኣለካ ማለትዩ። እቶም ቅልጣፈ ጽሕፈት ዘሎና ኣስተውዕሉ፡ ኣጻብዕና ብፍጥነት ፊደላት ኪቦርድ እናሃረመ ኣዒንትና ነፍሲ-ወከፍ ኣጻብዕና ዝወድቀሉ ፊደል ክርኢ ይክኣሎ ድዩ፧ ኣይፋሉን። ስለዚ እውን ሓደ ዓይነ-ስውር ኪቦርድ ብዝግባእ ክመልኽ ፈጺሙ ዘሸግር ኣይኮነን።


ሓደ ካብቲ መጽሓፍቲ ብቐሊሉ ክንጥቀመሉን ናብ ብዙሕ ሰብ ከዕጽሓሉን እንኽእል ኣገባብ ስነ ምግባር እዩ። ሓደ ዓይነስውር ስነ ዝኾኑ ጽሑፋት ክንብብን ባዕሉ ስነ ገይሩ ክጥቀምን ይኽእል ዩ። ብፍሉይ ዓይነስውራን ክጥቀሙሉ ተባሂሉ ዝማዕበሉ ስነ ንምግባር ዝሕግዙ ሶፍትዌራት ኣለው። እቲ ዓይነስውር ስነ ድሕሪ ምግባሩ ነቲ ስነ ዝገበሮ ጽሑፍ ብዝግባእ ክንብቦን ናብ ዝጠዓሞ ፎርማት ክዕቅቦን ይኽእል። ካብኡ'ውን ብፍሉይ ንትምህርታዊ ዕላማ ተባሂሉ ዝማዕበሉ ዓይነስውራን ስነ ኣብ ምግባር ዝጥቀሙሉ ሶፍትዌራት ክፉዝዌል ከምኡ'ውን ኦፕንቡክ ምጥቃስ ይከኣል።

ከምቲ ልዒልና ዝጠቐስናዮ፡ እዞም ሓገዝቲ ናይ ደምጺ ሶፍትዌራት ብቛንቋ እንግሊዝ ዝንበቡ እዮም። ክንዲዝኾነ ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ዓይነ-ስውራን ቋንቋታት ሃገርና ብምጥቃም፡ ኣብ ኮምፕዩተር ከንብቡን ክጽሕፉን ቋንቋ እንግሊዝ ክመልኩ የድልዮም። ምኽንያቱ፡ ድምጻታት ግእዝ ከንብብ ዝኽእል ርእሱ ዝኸኣለ ናጻ ዝኾነ ሶፍትዌር ክሳብ ሕጂ ኣይማዕበለን ዘሎ። ይኹን እምበር ዓይነስውራንና ኣብ ኮምፕዩተር ትግርኛን ካልኦት ብግእዝ ፊደላት ዝጽሓፉ ቋንቋታትን ከንብቡን ክጽሕፉን ይኽእሉ እዮም። ናይ እንግሊዝ ናይ ደምጺ ሶፍትዌር ግእዝ ከንብብ ብዝኽእል መንገዲ ተመሓዩሹ ስለዘሎ፡ ሎሚ ኣብ መዓልታዊ ብኮምፕዩተር ዝካየድ ንጥፈታቶም ልዕሊ 90% ነብሶም ክኢሎም ይሰርሑ ኣለው ኢልና ብድፍረት ክንዛረብ ንኽእል ኢና።

ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል ክፍለ-ዘመን፡ ተበጺሑ ዘሎ ቴክኖሎጂ ኣብ ስንኩላን ብፍላይ ከኣ ዓይነስውራን ቅልጡፍ ዕብየት የርኢ ከምዘሎ ርዱእ ጉዳይ ኮይኑ፡ ኣብ ተጠቃምነት ግና ብዙሕ ሕጽረታት ከምዘሎ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ምስዞም ሶፍትዌራት ብዝተኣሳሰር ዝጥቀስ ዝዓበየ ጸገም ክቡሪ ዋጋ እዩ። ንስንኩላን ተባሂሎም ዝምዕበሉ ሶፍትዌራት ንውሑድ ክፋል ሕብረተሰብ ዘገልግሉ ብምዃኖም ሰፊሕ ዕዳጋ የብሎምን። ስለዚ'ውን ንፍሉይ ድሌት ስንኩላን ተባሂሎም ዝምዕበሉ ሃርድዌርን ሶፍትዌርን ዋጋኦም ክቡር እዩ። ናይ ደምጺ ሶፍትዌርን ናይ ብረይል ቴክኖሎጂ'ውን ብተመሳሳሊ ዋጋኦም ኣዝዩ ክቡር እዩ። ዝበዝሑ እዋን ዓይነስውራን ዝገልገሉሎም መሳለጥያ ብድጎማ መንግስትን ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላት ብዝገብርዎ ፋይናንሳዊ ደገፍን እዩ ዝዕደግ። ሕጽረት ናውቲ ኮምፕዩተር ሓደ ካብ ዝዓበየ ብድሆ ዓይነስውራን ሃገርና እዩ። ብዘይካ'ዚ ስነ ዝኾኑ ብግእዝ ዝተጻሕፉ መጽሓፍቲ ናብ ጽሑፍ (text) ዝቕይር መተግበሪ (application) ዘይምህላው እቲ ካልእ ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ዓይነስውራን ብዙሕ መጽሓፍቲ ከየንብቡ ዝዕንቅፎም ዘሎ ብድሆ እዩ። ተስፋ ንገብር ኣብ ኮሌጅ ማይ ነፍሒ ኣብ ዓውዲ ኮምፕዩተር ሳይንስ ዘጽንዑ ዘለዉ ተመሃሮ ነዚ ጸገም ብምርዳእ ካብ ስነ ዝኾኑ ስእላዊ ጽሑፋት ናብ ጽሑፍ ዝቕይር መተግበሪ ኣማዕቢሎም ነዚ ሕጽረት ከቃልልዎ።

ክብሮም ገብረኣብ





# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ኣብዚ ቦታ መራሕን ተመራሕን ዝበሃል የለን ብሓደ ኢና ንሰርሕ” - ኢንጅነር ዳኒኤል ግርማጼን

ስእሊ:- ኣብርሃም በየነ

*ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ኩልና ከም ንፈልጦ ባይቶ ወከሊ ህዝቢ እዩ። እዚ ማእከል ዝዝበር ብ23 ሰነ 2026 ኣባላት ባይቶ ዞባ ማእከል ሸሻይ ትሕዝቶ ብምድኻው፥ ናብ'ቲ ጸጋማት ማይ ንምፍታሕ ኣብ ዲጋ ቀትር ብስራዊት ልምዓት ዝሰላሰል ዘሎ ዘኹርዕ ልምዓታዊ መደባት ዘቐድዎ ናይ ምትብባዕ መደብ ከም ኣቡት ክጥቀስ ይከኣል። ብስፈሑ እዚ ዝምልከት ሪፖርታዥ፥ ኣብ ናይ ዓርቢ ሕታምና ከም ዝተዳለወ ይፍለጥ። እዚ ከምዚ ዓይነት ስራሕ ዝፈትኖ ኩሉ መዳያዊ ዋጋን ሃልክን'ውን ርዱእ እዩ። ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፥ ምስቶም ኣብቲ ቦታ ልምዓት ተዋፊሮም ዝርከቡ መራሕቲ ስራሕ ማሉት መሃንደሳት ቃለመሕተት ኣካይድና ነይርና። ሰናይ ንባብ።*


ኢንጅ/ ዳኒኤል ግርማጽዮን

**- ፈለማ ምስ ኑበሸኻ ከተላልየና'ሞ፡ ኣብዚ ቦታ እንታይ ዓይነት ንጥፈታት'ዩ ዝስላሰል ዘሎ ክትሕብረና?**

ኢንጅነር ኣቤል ክፍላይ እበሃል። ኣብ ክፍሊ ጽሩይ ማይን ረሳሕ ፈሳሲን ዞባ ማእከል፥ ግዝያዊ ሓላፊ ጽሩይ ማይ ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ። እዚ ዘለናዮ ቦታ፥ ዲጋ ቀትር እዩ። ኣብ'ዚ እዋን እዚ ከኣ ዲጋ ቀትር፥ ካብቶም ቀንዲ መዝበቲ ምንጪ ጽሩይ ማይ ከተማ ኣስመራ እዩ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ከኣ ዓብይቲ ልምዓታዊ ናይ ማይ ስራሕ ኣብ ምትግባር ንርከብ ኣለና። ሎሚ ኣባላት ባይቶ ዞባ ማእከል ኑቲ እንሰርሖ ዘለና ስራሕ ንምትብባዕ ኣብ'ዚ ምኻና ተረኺቦም ኣለዉ። ድንድል መንግስትን ህዝብን ስለ ዝኸኑ'ውን፥ ኑቲ ንሰርሖ ዘለና ስራሕ ኣፍልጦ ብምሃብ ናብ ህዝቢ ኣውሪዶም፥ ኑቲ ዘጋንፍ ባህርያዊ ጸገማት ማይ ፈሊጦም እናተጸመሙ ንኽፀምዚ ዓይነት ፍታሕ ኣብ ጉድኒ ኣባላት ልምዓት ክሰለፉን ክፈልጡን እዩ።

**- እቲ ዝስራሕ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት እንታይ እዩ፧ መዓስከ ጀሚሩ፧**

እዚ ስራሕ ኣብ ፈለማ ወርሒ መጋቢት ብናይ ጽርግያ ስራሕ እዩ ጀሚሩ። ዳጋ





ኣባላት ባይቶ ዞባ ማእከል፡ ብዞባ እቲ ዝስላሰል ዘሎ ፕሮጀክት መብርሂ እናተወሃቦም

ቀትር ከም'ቲ ንፈልጦ ኣብ 2002 እዩ ግብኡ ኣገልግሎቱ ጀሚሩ። ኣብዚ ዓመት እቲ ዝጸንሐ ጽርግያ ኣዝዩ ከበድን ተረር ዓቐብን ስለዝነበረ፥ እዚ ስራሕ እዚ ምስ ተሓሰበ፥ እቲ ድሕረብይታ ክልተ ናይ ናፍታ ዝሰርሓ ሞቶረታት እየን ጸኒሐን። ኣብ'ዚ ነዊሕ ዓመታት ከኣ ዳርጋ 22 ዓመታት ገይረን ኣለዋ። እታ ሓንቲ ካብ ስራሕ ወጺኣ ኩይና፡ ብሓንቲ ክንሰርሕ ጸኒሕና። ዳጋ ቀትር ዋላ እኹል ማይ ሒዛ እንተ ሃለወት፥ ንመዓልቲ 8 ሰዓታት ጥራይ ኣገልግሎት ክትህብ ድኣ ስለ ዝኾነ፥ ዕላማ ስራሕና እዚ ንምስፋሕን ንምዕባይን ኩይኑ፥ ኑቲ ዘሎ ኑዳዲ ንምዕቃብ ብናይ ኤለትሪክ ክቐየር እዩ እቲ ሓሳብ። ካብ ነዊሕ ተሓሲቡ ብምንባሩ፥ እቲ ማሰርሕ ኣብ መንገዲ ዕድጊ ጸኒሐ። ስለ'ዚ ሰለስተ ናይ ኤለክትሪክ ፖምፓታት ክትተኽላ መጺአን። ብኡኡ መሰረት ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት እቲ ስራሕ ጀሚሩ። እቲ ስራሕ ብናይ ጽርግያ ህንጻት ድማ ኣሃዱ ኢሉ። በቲ ዝጸንሐ ጽርግያ ዓበይቲ ማሽነሪታት ክኣትዋ ስለ ዘይክእላ፥ ፈለማ ብምህናጽ ጽርግያ እዩ ጀሚሩ። እዚ ከኣ ምስ ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ብምውህሃድ ናይ 4.5 ኪ.ሜተር ጽርግያ ተሰሪሑ። እዚ ስራሕ እዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ተዛዚሙ ማለት እዩ። ንሕና ክፍሊ ማይ ምስ እዚ ዝጸንሐ ጸገምን ኮነታትን ናይ ማይ ካብ ነዊሕ ክንዳለወሉ ስለ ዝጸናሕና፥ እቲ ፖምፓታት ካብ ወደብ ብቐጥታ ናብ'ዚ ክመጽእ ክኢሉ። ብኡኡ ንበኡ ከኣ ናብ ስራሕ ኣቲና። ለይትን ቀትርን እናሰራሕና፥ ኑቲ ዘሎ ሽግር ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ፍታሕ ንምርካብ ኣብ ጻዕሪ ንርከብ ኣለና። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ድማ ሰለስቲአን ፖምፓታት ተተኺለን ኣለዋ። ከም'ቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ግን ናይ መስመር ኤለክትሪክ ኣይጸንሐን። ነዚ ዕማም ንምስላጥ ድማ ምስ ብዓል መዚ ኮርፖረሽን ኤለክትሪክ ኤርትራ ሴዳው፥ ከምኡ'ውን ናይ ዓዲ ሃሎ ክፍሊ ኤለክትሪክ ብምኻን ይስራሕ ኣሎ። ፖምፓታት ተሰሪሐ ኣብ ኤለክትሪክ ኣብ'ቲ ናይ ምዝርጋሕ ደረጃ በጺሑ ኣሎ። ከምኡ'ውን ናይ ትሕጃ ጀነሬተራት ኣለዋና። ብኣጠቓላሊ ክንርእዮ እንተ ደኣ ኼንና፥ እቲ ስራሕ ዓቢ ስራሕ እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ ብዙሕ ጸጋታት፥ ብዙሕ ጸዓትን ባጀትን ፈሲሱ። እዚ ስራሕ ብዙሓት መሻርኽቲ እዩም ተሳቲፎም። ኮርፖረሽን ኤለትሪክ ሴቲ ኤርትራ፥ ፕሮጀክታት ዓዲ ሃሎ፥ ኩባንያ ህንጻ ሳዋ፥ ብዙሓት ኣካላት ይሳተፉዎ ኣለዉ። ንግዜያዊ ፍታሕ ዘይኩኑ ንነዊሕ ስራሕ ዝዓለመ እዩ። ዝጸንሐ ድሩትነት ናይ ስራሕ ሰዓታት ካብ 16 ናብ 24 ክበብ ኣበልካ እናሰራሕካ፥ ዝርግሐ መጠን ዕደላ ማይ ክበብ ንምዕባይ ዓቢ ስራሕ ዝሓተት እዩ።

**- ምስ ዝጸንሐ ኣካይዳ ናይ ማይ፥ ኣገዳስነት ናይ'ዚ ስራሕ ኣዝዩ ዓቢ ምኻኑ እዩ። ኣብዚ ተካይድዎ ዘለኹም ጸዕርታትን ዘጋጥመኩም ብድሆታትን እንታይ ይመስል፧**

መውዳእታ እቲ ናትና ወጽኢት፥ ምዕዳል ማይ እዩ። በቲ ይኹን በቲ፥ እቲ ህዝቢ ኣብ'ታ ቡንባኡ ማይ ክትመጽእ እንክለ'ዩ - እቲ ወጽኢታዊ ስራሕ። ንሕና ኹኡ ስራሕና ክሳብ ኑቲ ዝድለ ደረጃ ዘይበጽሕናዮ፥ ስራሕና ክንበል ኣይንኽእልን። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ፖምፓታት ይትከል ነይሩ እዩ። ሕጂ'ውን ኸ ንተክል ኣለና። እቲ ድሕረ መጋረጃ ዝስራሕ ኣዝዩ ኣድካሚ እዩ። ኣዝዩ ከበድን ቴክኒካውን ኩሉ ዓይነት ፍልጠት ዝሓትት ስራሕ እዩ። ኣብ'ዚ ተዋፊሮም ዘለዉ ሞያተኛታት፥ ብኹሉ ዓይነት ብመካኒክ በሎ ብኤለትሪክ፥ ብሜታል ምልሓም ብኹሉ ዓይነት ኣብ ኤርትራ ኣለዉ ካብ ዝበዝሑ ካብ ፕሮጀክት ዓዲ ሃሎን ክፍሊ ማይን ካብ ብዓል መዚ ኤለትሪክን ዝሳተፍዎ ዘለዉ ስራሕ እዩ። ስለ'ዚ እቲ ናይ ድሕሪ መጋረጃ ስራሕ ዓቢ እዩ። ምስ እዚ ዘሎ ኮነታት፥ ንህዝቢ ነዚ ፍለጠለይ ክትብሎ ከቢድ እዩ። ንሕና እቲ ቐንዲ ዕላማና፥ ንህዝቢ ማይ ዓዲልካ ሩፍታ ምርካብ እዩ።

**- እሞ እዚ ሽግር ማይ ንምፍታሕ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ከመይ ደረጃ'ዩ በጺሑ ዘሎ ሓበሬታ ክትህበና፧**

ኣብ'ዚ እዋኑ ዳርጋ ኣብ'ቲ ናይ መውዳእታ ደረጃ በጺሑ ኣሎ። ከም'ቲ ዝበልናዮ፥ ሰለስተ ናይ ኤለክትሪክ ፖምፓታት ተተኺለን ኣለዋ። ክልተ እናሰርሓ፥ ሓንቲ ድልውቲ ኩይና ንምስራሕ እዩ እቲ ቀንዲ ዕላማ። ስለ'ዚ፥ እዘን ፖምፓታት ክብደትን ሓይልን ስለ ዘለወን፥ ናብ በርኽ ቦታ ስለ ዝውንጭፋ፥ ካብ መሰረት ጀሚርካ እዩ እቲ ስራሕ ክዕመም ጀሚሩ። እዚታት ተጻፊፉ መሰረት ተጸፊፉ፥ ፖምፓታት ተተኺለን። ኣብ'ዚ ሕጂ ሰዓት ድማ ኣብ ናይ ኤለክትሪክ ስርሓት ኣለና። እቲ ናይ ትራንስፎርመር ከይድንገየና'ውን፥ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ጀነሬተር'ውን ስለ ዘሎ፥ ብዝሓጸረ ግዜ ንምጅማር ኣብ ትሰፉው ደረጃ በጺሕና ኣለና።

**- ካብ ዲጋ ዓዲ ሻኻ ዝፈስስ ማይ፥ ናብ ዲጋ ቀትር እዩ ዝኣቱ፥ ሰሚዕና፧ ከመይ ማለት እዩ፧**

ብኣቀማምጣ፥ ዲጋ ቀትር ኣብ ትሕቲ ዲጋ ዓዲ ሻኻ ስለ ዘላ፥ ካብ ዲጋ ዓዲ ሻኻ ዝፈስስ ናብ'ዚ እዩ ዝኣቱ። እታ ዲጋ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ሓደጋ ናይ ምፍራስ ኣጋጢምዋ ስለዝነበረ፥ እቲ ዝፈስስ ማይ ናብዛ ዲጋ እዩ ውሒዙ። ስለ'ዚ ካብቲ ጠቕላላ 14 ሚልዮን ክትሕዝ ዝኽእል 12 ሚልዮን ሐዛ እያ ተበጊሳ። በቲ 8 ሰዓት ንሰርሖ ግን ክሳብ 8000 ሜተር ኩቦ ንመዓልቲ ክንጭንገዕ ኢና ንደሊ። እዚ ምስቲ እንደልዮ ጠለብ ናይ ህዝቢ ኣስመራ ሰማይን ምድርን እዩ። ኣይዛመድን እዩ ክበሃል ይከኣል። ንሕና በቲ ድሌትና ግን ዋላ በቲ ንደልዮ ጠለብ ኣይማላእ፥ ንዝሰፍሐ ከባቢታት ስለ ዝሸፍን ክልተ ሰለስተ ዕጽፊ 16 ሽሕ ክሳብ 24 ሽሕ ኣብ መዓልቲ ክኸውኑልና ኢና ንሰርሕ ዘለና። በዚ መጠን እቲ ሰዓታት ዕደላ ንግሆ ጀሚሩ ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ እዩ ዝዕደል። ስለ'ዚ ምሉእ መዓልቲ እንተ ደኣ ወዒሉ እቲ ዕደላ ማይ፥ እቲ ህዝቢ'ውን ክፃግብ ይኽእል እዩ። ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከኣ ኑቲ ዝሰፍሐ ቦታታት ክንበጽሖ ንኽእል። እዚ'ዩ ድማ እቲ ዕላማ።

**- ናጥኻ ከሎኻ፡ ንሽኻውን ምስ ኑበሸኻ ከተላልየና፡ ኣብዚ ልምዓታዊ ወፍሪ ከም ምንታይ ኴንካ ኢኻ ትሳተፍ ዘለኻ፧**

ስመይ ኢንጅነር ዳኒኤል ግርማጽዮን እበሃል። ጠርናፊ ናይ ምህንድስና ፕሮጀክትታት ዓዲ ሃሎ ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ። እዚ መደብ'ዚ ከም ኣጀማምራኡ ካብ'ቲ ምስራሕ ጽርግያ (ኣክሰስ ሮድ) እዩ ዝጀምር - ጽርግያ የድሊ ስለዝነበረ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ መጀመርታ ወርሒ ሰለስተ ኢና ክንጀምሮ ክኢልና። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ ኑቲ ዝበረ ሃገፍ ናይ ጽርግያ




ብዙሕ ከበድቲ ማሽነሪታት ክተሕልፈሉ ዘይትኽእል ጸቢብቲን ጥውይዋይ ዝበዝሖን ንባዕሉ እቲ ዕቃብ ጽርግያ ኣጸጋሚ ስለ ዝበረ፥ ንዕኡ ኑቲ ኣብ ታሕቲ ዝግበር መደባት ንምዕባይ ሓጊዚ ዝበልናዮ ናይ ጽርግያ ስራሕ ተጀሚሩ ማለት እዩ። ናይ ፕሮጀክትታት ዓዲ ሃሎ ከበድቲ ማሽነሪታት ብምስታፍን ብምውፋርን ከም ዝጅመር ተገይሩ። ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን ድማ እቲ ናይ ጽርግያ ስራሕ ከም ዝስላሰል ተገይሩ። ኣብ'ዚ ክዋበር ኣለዎ ተባሂሉ ዝተመደበ ስርሓት ምምሕያሽ ናይ ቀረብ ማይ፥ ንምትግባር ጉኒ-ጉኒ ናቱ ከም ዝስላሰል እናተገበረ፥ እንደገና ኣብ'ዚ ዘለናዮ ቦታ በንቶ ንኽህሉ ተበጊሱ። ምህናጽ ናይ'ዚ በንቶ'ዚ ድማ ብሓደ ኣሃዱ ካብዞን ፕሮጀክትታት ዓዲ ሃሎ ዝኾኑ ብፕሮጀክት 8 እዩ ተዓሚሙ። ብማእከል ካርታን ሓበሬታን ዝተዋደደ ናቱ ናይ ሰዓት ዲዛይን ተዳልዩሉ፥ እዚ ተጠቒምና ድማ ንህንጻት ናይ'ቲ ኣብ ትሕቲ ህንጻ ዲጋ ቀትር ዝርከብ ዓቢ በንቶ ከም ዝስራሕ ተገይሩ።

**- መስርሕ ናይ'ዚ በንቶ፥ ኣብ ክንደይ መዓልታት'ዩ ክጻፈፍ ክኢሉ፧**

እዚ በንቶ ኣብ ኣስታት 28 መዓልታት'ዩ ከም ዝጻፈፍ ተገይሩ። እቲ ኣብ'ዚ ዝበረ ስራሕ፥ መንግስቲ ናይ ብሉቒ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ሰረውን ቀዳምነታት ሂቡ ኣብ ዘሰላስሎም ዘለዉ ዓበይቲ መደባት ኣካል ናቱ ኩይኑ፥ ምስ ዘሎ ወሃብ ዓለማዊ ኩነታትን ብድሆታትን ከይተዓግተ በብመስርዑ ክካየድ ብምሕሳቡ፥ ንሕና ድማ እዚ ተልእኾን ዕማምን እዚ ኣብ ምፍጻም


ኢንጅ/ ኣቤል ክፍላይ

ንርከብ። ኣብዚ ስራሕ መራሕን ተመራሕን ዝበሃል የለን፥ ሓሳብ ንሓሳብ እናተለዋወጥና ኢና ንሰርሕ ዘለና።

**- ቀጽል!**

ኣብ'ዚ እትካይዶ ዘለና ወፍሪ፥ ምናልባት ምስ ማይ ዝተኣሳሰር እውን ስለ ዝኾኑ፥ ሓደ ካብቶም ቀዳምነታት ናይ መንግስቲ ተወሰዱ ስለ ዝተታሕዙ እቲ ኣብ'ዚ ዝተዋፈረ ኣሃዱ ለይቲ ምስ መዓልቲ ኣቓልቦኡ ናብ'ዚ ፕሮጀክት'ዚ ብምቕናዑ ክሰርሕ ክኢሉ እዩ። ኣብ'ዚ ንዚጋጥም ዝበረ ብድሆታትን ሕጽረታትን ብሱታፊ ኩሎም ኣካላት እናተፈትሑ፥ ኢዚ በንቶ እዚ ኣብ ምዝዛም ደረጃ ኣብጺሖም ይርከቡ። ምናልባት እዚ በንቶ'ዚ፥ ብኣሰራርሕኡን ዓቕሙን ኣዝዩ ካብቶም ካልኦት ዝተሰርሑ በንቶታት ዝፍለ ኣይኮነን። እንተኾነ ምስ'ቲ ዝበረ ሃዋህው ቅልጡፍ ዝኾነ ፍታሕ ከምጽእ ስለ ዝበሮ፥ ንዕኡ ኣብ ግምት ብዘእተወ፥ ንሳቶም ኣብዘን ዝበራ 28 መዓልቲ ብዘይ ዕረፍቲ ቀትርን ለይትን ኣብ መፈጸምታኡ ኣብጺሖሞ ኣለዉ።

**ይቕጽል ...**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ገርግሽ በርሀ ብፍ/በ/ዕዳ 1. ኣቶ ጉብረኣምላኽ ተወልደ በይን 2. ወ/ሮ ምሕረት ተስፋማርያም ብዘተፈጥረ ክርክር፣ እቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/ 10 ጎደና 74 ቁ/ገዛ 60 ኣብ 150 ት/ሜ ዝተደኮነ ሽዱሽተ ቀንዲ ክፍልን ክልተ ሓገዝትን ዘጠቓልል፡ ብክኢላ ማጠቢ ዋጋ ናይ ሓራጅ 635,275.92 ናቕፋ (ሽዱሽተ ሚእትን ሰላሳን ሓሙሽተን ሽሕን ክልተ ሚእት ሰብዓን ሓሙሽተን 92% ናቕፋ ) ስለ ዝተገመተ፡ ኣብዚ ዝወጽር ሓራጅ ጨረታ ክሳተፍ ዝደሊ፣ ቅድሚ ዕለተ ጨረታ ዘሎ ሓሙሽተ (05) ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ተወዳዳሪ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቁጽርን ብፊደልን ብገጹር ጽሒፉ ኣብ ፖስታ ዓሺጉ የእቱ። ኣብ ዕለት ሓራጅ ድማ 1/4 ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ብምስራሕ ወይ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ሒዙ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ፦ 31/07/2025

ሰዓት፦ 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ

ቦታ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27

ገዛ ክርኢ ዝደሊ፣ ዕዳጋ ዓርቢ ከባቢ ፖስታ ጥቓ እንዳ ጃዕፈር እንዳ ጡሓኒ። ተወሳኺ ሓበሬታ ክወስድ ዝደሊ፣ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/65 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት መጺኡ ክውከስ ይኽእል።

ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ዝምልከት ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። መአገዲ ተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ።

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/ብ/መሰል 1. ኣቶ ኣሕመድ ዓጣ 2. ጀሚላ መሓመድ 3. ዓብደላ መሓመድ ብፍ/ብ/ዕዳ ወረ/ኡ ኢብራሂም የኑስ ዝበረ ናይ ገንዘብ ክርክር፣ ናይ ብፍ/ብ/ዕዳ ዝኾነ ንብረት ብሓራጅ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ክኸውን ቤት ፍርዲ ስለ ዝኣዘዘ፣ ማጠቢ ዋጋ ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

1. ነዋሕቲ ናይ ደቀንስትዮ ድረስ 11 ሓብ 50 ዋጋ 550 ናቕፋ
2. ሓጸርቲ ድረስ ናይ ደቀንስትዮ 8 ሓብ 40 ዋጋ 320 ናቕፋ
3. ቦዲ ናይ ላዕሊ ናይ ደቀንስትዮ 38 ሓብ 40 ዋጋ 1520 ናቕፋ
4. 12 ሓብ ረጂ 12 ሓብ 10 ሓብ ዋጋ 120 ናቕፋ
6. ቦርሳ ናይ ኢድ 9 ሓብ 60 ዋጋ 540 ናቕፋ
7. ጎና ክዳን 9 ሓብ 30 ዋጋ 270 ናቕፋ
8. መንዲል 15 ሓብ 5 ዋጋ 75 ናቕፋ
9. ጫማ ናይ ደቀንስትዮ 34 ደምዲ 20 ዋጋ 680 ናቕፋ
10. ሽትሪና ስርሓት ቤትሮ ዋጋ 1000 ናቕፋ
11. ካሳ ስርሓት ዕንጨይቲ 2 ትሬቶ ዘለዎ ዋጋ 600 ናቕፋ
12. ቴፕ ሰዲ ትወስድ ዋጋ 100 ናቕፋ
13. star gold ደቀቕቲ ልቺ ዋጋ 50 ናቕፋ
14. ሽትሪና በዒል 3 ተረብረብ ስርሓት ፎርኒካ ዋጋ 1500 ናቕፋ
15. ሰድያ መንበር ዕንጨይቲ 3 ሓብ 300 ናቕፋ
16. ናይ ሻሂ መቐመጢ ጣውላ 2 ሓብ ዋጋ 300 ናቕፋ
17. ናይ ኦፊስ ጣውላ ስርሓት ፎርኒካ ዋጋ 500 ናቕፋ
18. ኣስኮፋለ ነዊሕ ዕንጨይቲ 12 ተኸፋቲ ዋጋ 1500 ናቕፋ
19. ኣስኮፋለ ነዊሕ ብዒል 12 ተኸፋቲ ማዕጾ ዘለዎ 3 ሓብ ዋጋ 5000 ናቕፋ
20. ኣስኮፋለ ነዊሕ ተረብረብ ዘለዎ ስርሓት ዕንጨይቲ ዋጋ 1500 ናቕፋ
21. ሰድያ ናይ ኦፊስ ኮረር ዋጋ 300 ናቕፋ
22. ጣዕቦላ ናይ ክዳን ናይ ፍርቂ መዓንጣ 199 ሓብ 75 ዋጋ 8955 ናቕፋ
23. ፕላስቲክ መንበር 2 ሓብ 5 ዋጋ 100 ናቕፋ
24. 1 ሓብ ባልኛ 1 ሓብ ዋጋ 200 ናቕፋ
25. ታካቦኖ 1 ሓብ ዋጋ 50 ናቕፋ
26. ጣዕቦላ ናይ ረጂ 42 ሓብ 10 ዋጋ 420 ናቕፋ
27. መቐርቀሪ ስርሓት ዕንጨይቲ መትሓዚ ክዳውንቲ 97 ሓብ 3 ዋጋ 291 ናቕፋ
28. ጀሪካን ናይ 12 1 ሓብ ዋጋ 450 ናቕፋ
29. ጀሪካን ናይ 6+ 1 ሓብ ዋጋ 200 ናቕፋ
30. ኣብ መንደቕ ዝስቀል መትሓዚ box file ስርሓት ዕንጨይቲ 1 ሓብ 500 ናቕፋ
31. Lshapw ናይ ኦፊስ ጣውላ ብዒል 5 ትሬቶ ዋጋ 600 ናቕፋ

ጠቕላላ ድምር 29,091 (ዕስራን ትሽዓተን ሽሕን ቴስዓን ሓደን ናቕፋ) ኣብዚ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ንብረት ንዝወጽር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፣ ካብ ዕለት ሓራጅ 1/4 (ሓደ ርብዒ) ናይ ኣብ ላዕሊ ብክኢላ ቀሪቡ ዘሎ ማጠቢ ዋጋ ሓራጅ ብስሙ ዝተመዝገበ ተጠራቓሚ ሕሳብ በካ ወይ ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ፦ 07/07/26

ቦታ ሓራጅ፦ ኣብ ምም/ን/ዞባ/ ማእከል ከተማ ምም/ከባቢ ሜዳ ኤርትራ ጎደና ዓሰብ ቁ/ገዛ 52

ሰዓት ሓራጅ፦ 10:00 -10:30 ቅ/ቀትሪ

ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ፣ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/64 መጺኡ ክውከስ ይኽእል። ነዚ ሓራጅ ዝቃወም፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። መአገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ደው ከምዘይብል ንሕብር።

ፈጻሚት ፍርዲ

ብስም ተማሰገን ኣለማጸሁ ደረስ +7 ዝተመዝገበ፣ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከባቢ/ዚፕ ኮድ ኣኻውል 1A132 ቁ/ገዛ 12 ዝርከብ፣ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ብንብረት ቁ/መዝ 4680/2015 ብዕለት 06/01/2015 ዝተረጋገጸ ገዛ ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓልልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ወኪል በየነ ግርማይ

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ኮለጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ኣብ ውሽጢ ኮለጅ ዝርከብ እንዳ ሻሂ ንክልተ ዓመት ዝጸንሕ ንተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣገልግሎት ዝውዕል ኣጫራቲ ክካረዮ ስለ ዝደለየ፣ ምስዚ ቀሪቡ ዘሎ ጨረታ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም፦

1. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን፡ ቅዳሕ መንነትን ከምኡ'ውን ዓመታዊ ግብሪ ናይ 2024 ዓ/ም ዝኸፈሉሉ ሰነድ የቕርቡ።
2. ተጫረትቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50,00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
3. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ኮለጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ዕጥናን ኦሮታ፡ ክፍሊ ዕድጊ 163467/163834 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
4. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ይዕጾ። (ጨረታ ዝኽፈተሉ ግዜ ናይ ስራሕ መዓልታት ምስ ዘይኮነ ድሕሪ መበል 10 መዓልታት ዘሎ ናይ ስራሕ መዓልቲ ይኽፈት።) ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፡ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወኪልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብ፣ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ Conference Room ቁ/109 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
5. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ 25,000 (ዒስራን ሓሙሽተን ሽሕ) CPO የትሕዝ።
6. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
7. ኮለጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮለጅ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ኣስመራ
ቁ/ቴሌፎን 163834



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት መለስ

ብስም ጽርሃ ተ/ሃይማኖት ጊላዝጊ፡ ኣብ ዓዲ ከበ. ዓዲ ቀ ብመወከሲ ቑጽሪ 000366 ቑጽሪ ምስክር ወረቐት 005943 ፕሎት 66 ፓርሰል M ንመንበሪ ዝተዓደለኒ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝርከብ እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ. 07131215 ክሕብረኒ። እንተዘይሓቢሩ ግን መተካእታኡ ንዘምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኻኑ እሕብር።

ጽርሃ ተ/ሃይማኖት ጊላዝጊ

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሞልቂ ምምሕዳር/ከበ. ደንበ ክሳድ ብቑ/ፍቓድ ዋኒን GBL 00007540 ናይ C-16 ጥሑና እኽሊ ትካል፡ ኣቶ ብኢለይ ሃብተኣብ ገብረመድህን ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሞልቂ ምምሕዳር ከበ. ደንበ ክሳድ ብ50,000 ናቕፋ ብዕለት 19/09/25 ብቑ/መዝገብ 3420750 ስለ ዝሸጥኩሉ፡ ብስም ሺያጢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግበኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተድኣ ሃሊዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓለለፍ ነፍልጥ።

ኣቶ ብኢለይ ሃብተኣብ

ብስም ዳዊት ኢልማ ሓንጣል፡ ኣብ ሺላጆ ናይ ቦንድ መሬት ፕሎት 005 ፓርሰል I ስፍሓት መሬት 260 ት/ሜትሮ መወከሲ ቑጽሪ 3-00372 ዝኾነ ሰነዳት ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ምርሒት መሬት፡ ሰሌዳ ውዕል ኣጠቓቕማ ክራይ መሬት፡ ሰቲሽን ፕላንን ስለዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሓዚዎ ወይ'ውን ረኺበ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07205024 ይሓብረኒ፣ እንተዘየሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ኦርጂናል ሰነዳት ክወሃበኒ ክሓትት ምኻነይ ኣፍልጥ።

ዳዊት ኢልማ ሓንጣል

ብስም ኪዳ ኢልማ ሓንጣል፡ ኣብ ማይተመናይ ናይ ቦንድ መሬት ፕሎት 207 ፓርሰል I ጎደና 154-55 ስፍሓት መሬት 257.8 ት/ሜትሮ መወከሲ ቑጽሪ 03/000873 ዝኾነ ሰነዳት ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ምርሒት መሬት፡ ሰሌዳ ውዕል ኣጠቓቕማ ክራይ መሬት፡ ሰቲሽን ፕላንን ስለዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ወይ'ውን ረኺበ ዝብል እንተሎ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07205024 ይሓብረኒ፡ እንተዘየሎ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ኦርጂናል ሰነዳት ክወሃበኒ ክሓትት ምኻነይ የፍልጥ።

ኪዳ ኢልማ ሓንጣል

ኣመልካቲት ሓዳስ ሃብቶም ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ዝርከብ ገዛ ፕሎት 2 ፓርሰል ዲ ASP 00003179 ASD 00004388 ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ ብዘሐ. ክፍሊ. ቀንዲ 5 ተሓጋጋዚ. 3 ዘጠቓለለ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 50223/82775 ብስም ወላዲና ነ/ሄር ሃብቶም ሰለሙን ዝተመዝገበ ገዛ ብውርሲ ዝበጽሓና፡ ሓዳስ ሃብቶም +6 ከምዝመሓለለፍ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዝዘዞ ማሰረት መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳነ ሐዚ ኣብ ቤት ጽሕፈት ነታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ሓዳስ ሃብቶም

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ በሪኽ ከበ/ዓዲ ወኪዱብ ፕሎት E ፓርሰል 3 ዚፕ ኮድ 1B398 ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ 3+ ቀንዲ ክፍሊ 2+ ተሓጋጋዚ ክፍሊታት ዝተደኮነ፡ ሕጁ ብቑ/ንብረት 1BRBRK009941/0 መለለዩ ንብረት ምምASD00044543 ብስም ኣዳነሽ ክፍሉ ሓጎስ ዝተመዝገበ፡ ብሀያብ ንኣቶ የውሃንስ ገብረብርሃን ፍስሃየ ስለ ዝሃብኩዎ፡ ናብ ስሙ ክሰጋገር ስለ ዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኒይሩ ውሳኔ ሐዚ ናብ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስትራልን ቤ/ጽ ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘሎ ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምኻነይ እሕብር።

ኣዳነሽ ክፍሉ ሓጎስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

መሊስ መድሃኔ ዳኘው ምባል ተረፉ፡ መልሸ መድሃኔ ዳኘው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቑ/47 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ከድጃ መሐመድ ሓምድ ምባል ተረፉ፡ ከዲጃ ማሕሙድ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

መሓሙድ ሓምድ ምባል ተረፉ፡ ሰዒድ ሓምድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርየም መሓመ•ር ሰዒድ ምባል ተረፉ፡ መርየም መሓመድ መሓምድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ኑብያት ተወልደ ሃብተጼን፡ ብዓል ቤተይ ተወልደ ተስፋሚካኤል ተኽለ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ሂወት ዓሱ ብርሃ፡ ብዓል ቤተይ መልኣከ ገ/ሚካኤል ተስፋማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኑ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ዞባ 8 ምምሕዳር 05 ቑጽሪ ሎታ 29 ቑጽሪ ፓርቸላ 0 ስፍሓት 132 ት/ሜትር ዝኾነ ተራ ገዛ ዋንኡ ኣብ ግዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 120564 መወከሲ ቑጽሪ 112661 ብስም መዋቲት ወ/ሮ ኣሚና ኣብነኩር ጃበራ ዝተረጋገጸ፡ ብውርሲ ናብ ሓደ ወዳ ኣቶ ወሊድ ዑመር ማሕሙድ ክመሓለለፍ ስለ ዝኾነ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝእዞ ማሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሐዚ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምኻነይ እሕብር።

ወሊድ ዑመር ማሕሙድ
ወኪል ኣቶ በሽር ዓብዱራሕማን ሓጎስ

ኣነ ወ/ሮ ኣለም ኣለነ በዛብህ፡ ካብ ወላዲተይ ወ/ሮ ሙብራት ገብረሚካኤል ጊላኡ ብውርሲ ዝረኸብክዎ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/04 ጎደና 137-30 ቁ/ገዛ 30 ካብ ኮሚሽን ኣባይቲ ኤርትራ ብቑ/ምስክር ወረቐት 113314 መወከሲ ቑጽሪ 101993 ዝተመዝገበ ገዛ ናብ ስመይ ክመሓለለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዞ ማሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ተቓውሞ ሐዚ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርም ክቐርብ እሕብር። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓለለፈለይ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኻነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኣለም ኣለነ በዛብህ

ኣቶ ኢሰያስ ብርሃ ተከኤ፡ ዝተፈቕደለም ናይ ቤት መግቢን መስተን ንግዳዊ ትካሎም፡ “ካራሚላ ቤት መግቢን መስተን” (CARAMIELA RESTAU-RAnT & BAR) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ብስም ለተብርሃን ገብረእግዚኣብሄር ሃብተጽዮን ናይ ዝተመዝገበ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ኣብ ዞን 6 ፕሎት 8 ፓርሰል “ቢ” ዝርከብ ኣብ 450 ት/ሜ ዝተደኮነ ገዛ ቀንዲ ቅዳሕ ሰነድ መረጋገጺ ዋንነት (ሊብሬቶ) ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሓዚዎ ወይ ረኺቡዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07335466 ክትሕብሩኒ። እንተዘይሓቢሩ ግን መተካእታ ክሓትት ምኻነይ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ጽገወይኒ ገብረእግዚኣብሄር


# መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና

ንኹሉም ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ ዘዘጥዕሞም ጊዜን ሰዓትን ኣብዚም ዝስዕቡ ሞያዊ ስልጠናታት ስልጠንኡ ቀጺሉ ንኣደስቲ ስልጠንቲ ምዝገባ ጀሚሩ ከምዘሎ ብሓጎስ ይሕብር።

**ኣድራሻና፡** ኣብ ማእከል ከተማ ድሕሪ ካርቱም ሆቴል ጎድኒ Red sea Corporation (09) ፊት ዶር. ማሕሙድ ሕክምና ሰ'ፉ ብተወሳኺ'ውን ብቑ. ቴሌፎናት 07204551/07218432/112244 ክትረኽቡና ትኽእሉ።

## ሀ. ዘለውና ሞያዊ ስልጠናታት (Courses)

| | |
|---|---|
| ➢ Computer application | ➢ Computer maintenance, upgrading and troubleshooting |
| ➢ Engineering Graphics<br>• Graphics Level-1<br>• Graphics Level-2 | ➢ Electronics Level-1<br>Electronics Level-2<br>Electronics Level-3 |
| ➢ Video/film shooting & Photography ([illegible]) | ➢ Editing (Pinnacle, Adobe premiere pro ) |
| ➢ Mobile software and hardware maintenance | ➢ Principle of Accounting, Peachtree, Tally and Quick book software' |
| ➢ Solar Installation | ➢ Management training<br>• Business management<br>• Office management<br>• Project management<br>• Customers service management<br>• Tour, travel and ticketing management |
| ➢ Electrical line installation | |
| ➢ Printer and Photocopier maintenance | |
| ➢ Software maintenance and programming with Python | |

ንኹሎም ሰልጠንቲ ምትሓዝ ደገፍ ብነጻ ንምሃር .

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# POSITION DESCRIPTION

| | |
|---|---|
| **Position:** | **LV Supervisor** |
| **Number:** | **02** |
| **Location:** | **Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | |
| **Primary Responsibility & Scop of working** | • To provide repairs and preventative maintenance for all equipment to ensure optimal availability at the most economic cost |

**Duties / Functions**

- Supervise all workshop staff.
- Conduct training for workshop employees.
- Inspect and monitor work in progress and ensure quality standards are maintained.
- Co-ordinate workshop activities.
- Supervision of all workshop employees.
- Assist with monitoring inventory of all plant and equipment (including spare parts).
- Ensure compliance with safe work policies and procedures and maintain a safe and tidy work environment.
- Plan, coordinate and deliver all maintenance activities for plant, mobile equipment and infrastructure.
- Assist with the development of maintenance procedures.
- Adhere to site safety policies and procedures.
- Develop and undertake preventative maintenance programs and execute on time.
- Carry out any other duties as requested by management.
- Design and implement a preventative maintenance schedule for all equipment

| | |
|---|---|
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | Minimum Secondary School.<br>• Trade certificate in mechanics or equivalent work experience running a workshop. |
| **Working Experience – Nature & Length** | Minimum of 3 years supervisory in a workshop environment. |
| **Leadership Experience – Nature & length of time** | Minimum of 3 years supervisory leadership experience. |
| **Other skills and abilities** | • Physically fit and healthy.<br>• Strong communication and interpersonal skills.<br>• Team player<br>• Execute and deliver all work safely and to a high professional standard,<br>• Must be able to work and perform under pressure.<br>• Good verbal and written communication skills in English<br>• Flexibility to work outside of normal business hours if required.<br>• Must be able to work under minimum supervision.<br>• Perform any other duties as requested by your supervisor. |

| | |
|---|---|
| **Salary** | Company scale |
| **Room Accommodation** | Free accommodation |

**Additional Requirement for nationals:** - Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your applications to the ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants:** - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

Deadline for application: Seven days from the day of announcement.

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

ሓሙሻይ ክፋል

*"ህይወትካ ንበይንኻ እትፈጥራ ኣይኮንካን። ህይወትካ ወጽኢት ናይ ኩሎም ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት እዩ። ነፍሲ ወከፍ ተመክሮኻ እውን ንህይወትካ ኣብ ምፍጣር ልዑል እጃም ኣለዎ። ንሕና ኩላትና ኣካል ናይ ሓድሕድና ኢና።" - **ዩሪ ኮቺያማ***

*"ሓደ ሰብ ንጌጋታቱ ክኣምን እኹል ዕብየት የድልዮ። ካብ ጌጋታቱ ክረብሕ እኹል ብልሒ የድልዮ። ንጌጋታቱ ክእርም እኹል ሓይሊ የድልዮ።" - **ጆን ማክስወል***

ፍርያትካ ንምዕዛዝን ኣሰራርሓኻ ንምውርጻጽን ልዑል ባህጊ እንተ ደኣ ሃልዩካ፡ ሸቶኻ ኣብ ምንጻር ንጡፍ ክትከውን ይግባእ። ኣብ ስራሕ ዓለም ተበግሶ ምውሳድ ቀሊል ኣይኮነን። ብድሕሪ ብዙሕ ልምምድ ግዱእ ክፀልኸ ዝኽእል እዩ።

ናይ ብዙሓት ሰባት ጸገም እምበኣር፡ ተበግሶ ኣብ ምውሳድ እዩ ዝኸውን ዘሎ። ገለ ሰባት ኣብ ስራሕ 'ንኽረስሑ' ብዙሕ ግዜ እዩ ዝወስደሎም። "ኣነ ስራሕ ኣብ ምጅማር ብዙሕ ግዜ እዩ ዝወስደለይ። ሓንሳእ እንተ ጀሚረ ግዱእ ስራሕ ኣብ ምፍጻም ንጡፍ እየ።" ዝብሉ ሰባት ብዙሕ ግዜ የጋጥሙና እዮም።

እቶም ተበግሶ ኣብ ምውሳድ ዛሕሊ ዘርእዩ ሰባት፡ ኣብ ኣፉን ዕርበቱን ነቲ ስራሕ ብሃታሃታ ክዛዘምዎ ምሕር ገልጠምጠም ክብሉ ኢኻ እትርእዮም። ብሃታሃታ ዝስራሕ ዕዮ ድማ ነቲ ትካል ይኹን ንዓማሊ ከዕግብ ዝሕሉ ኣይኮነን።

## ጽሬት ስራሕ



ማርቲን ሉተር ኪንግ፡ "ንኹሉም እቶም ደረጃታት ምርኣይ ኣየድልየካን እዩ። ነታ ቀዳመይቲ ደረጃ ጥራይ ጀምራ።" ዝበሎ ቀሊል ትርጉም ኣይኮነን ዘለዎ። ንኹሉ ደረጃታት እንተ ደኣ ርኢኻዮ፡ ምናልባት ኣካልካን ኣእምሮኻን ረሸሽ ክብለካ ክጅምር ይኽእል እዩ።

ብዙሓት ሊቃውንቲ ንኣበርቲዖኻን ተወፌኻን ምስራሕ፡ ኣብ ዓወት ሓደ ትካል እምብዛ ወሳኒ ምኻኑ ክጽሕፉን ክምድሩን ተዓዚብናዮም ንኸውን ኢና። ገለ ሊቃውንቲ ግዱእ ካብ ንዚያዳ ጻዕሪ ንዚያዳ ብልሒ (smarter) ዝጠዘለ ሃጓቢ ዝህቡ ኣለዉ። ብናቶም ኩርናዕ ኣመለኻኽታ ቅኑዓት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ገለ ስራሕ ዚያዳ ጉልበት ዝሓትት ስለ ዝኾነ፡ ዚያዳ ተወፋይነትን ኣካላዊ ሓይልን ክጠልብ እትጸበዮ እዩ። ካልእ ስራሕ፡ ናይ ኣእምሮ ስራሕ ዝበዝሖ ኣሎ። ኣብ ከምኡ ኩነታት ንብልሒ ኣእምሮኻ ዝፈታትን ክኸውን ይኽእል እዩ። ገለ ስራሕ ግዱእ ብማዕረ ጉልበትን ኣእምሮን ዝሓትት እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ቅድም ቀዳድም ኣበየናይ ስራሕ ተዋፊርካ ከም ዘለኻ ምፍላጥ ከገድስካ እዩ።

ወኒ ስራሕ ተላባዒ እዩ። ኣብ ጉጅለኹም ሓደ ብወኒን ተወፋይነትን ዝሰርሕ ስራሕተኛ እንተ ደኣ ሃልዩ ነታ ጉጅለ ብእወታ ክጸልዋ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ ዝኾነ ከምዚኣም ዓይነት ስራሕተኛታት ፍሉይ ኣድህቦን ምትብባዕን ክዋሃበሎም የድሊ። ካብ ናቶም ተመኩሮ፡ እቲ ካልእ ስራሕተኛ ዘቆጥዮም ክህሉ ስለ ዝኽእል፡ እቲ ብቐዓት ዝመሓላለፈሉ ሰልጠና ምድላው ኣገዳሲ እዩ።

ብዘይካ እዚ፡ ስራሕተኛታት ንሸቶኦም ከም ኣጻብዕቲ ኢደም ክፈልጥዎ እንተ ደኣ ኸኣሎም፡ ንስራሖም ብቐሊሉን ብዝጸፈፈን ከሳልጥዎ ኩቶ ኣይግምግምን እዩ። ከምዚኣም ዓይነት ስራሕተኛታት ጥርዚ-ዓወት (maximum success) ንኽመዝግቡ እዮም ወትሩ ዝመጣጠሩ።

ንሶም ናይ ስራሖም ቀድመ-ውጥን ኣብ ምውዳእ ኪይተሓለሉ ስለ ዝሰርሑ፡ ትጽቢቶምን ክውንነቶምን ብዙሕ ኣይረሓሓቑን እዩ። እቲ ቐጻሊ ኣብ ስራሖም ዝመዝግብዎ ኽጋኡ መሊሱ እዩ ናህሪ ዝፈጥረሎም። ብኣኡ ኣቢሎም ክቕጽልዎ ኽኣ ዓቢ ድርኺት ይፈጥረሎም።

ዕዉታት ስራሕተኛታት ኣየናይ ስራሕ ዚያዳ ጠቓሚ ወይ ኣርባሒ ምዃኑ፡ ኣማእዚኖም ይፈልጥዎ እዮም። ብእኡ መሰረት ከኣ ቀዳምነታት ስራሖም ኣብ ምስራዕ ንጡፋት ይኾኑ። ዝኾነ ምምዛብል ወይ ሓርኽኽ ኣብ ስራሕ ክኽሰት እንከሎ፡ ዓይኖም ከይሓሰዩ ንምምዕርራዩ ይጓየዩ።

ንርእይቶ ይኹን ነቐፌታ ዓማዊሎም ዕሽሽ ስለ ዘይብሉ፡ ዝኾነ ኣብ ስራሕ ክፍጸም ንዝኽእል ጌጋ ሱር ከይሰደደ እንከሎ፡ ቀልጢፎም ይእርምዎ። እዚ ተመሊሱ ዚያዳ ተፈታውነት ይፈጥረሎም።

ሕማቕ ስራሕተኛ ንርእይቶ ይኹን ነቐፌታ ዓማዊሉ ክሰምዕ ድሌት ይኹን ተበግሶ የብሉን። ንኹሉ ዝቐርበሉ ርእይቶን ነቐፌታን ተቐዳዲሙ እዩ ዝጽእን። እቲ ምንታይሲ፡ ንገዛእ ርእሱ ይኹን ንትካሉ ከማዕብል ባህጊ የብሉን።

ካብ ከምዚኣም ዓይነት ስራሕተኛታት ጽፉፍ ስራሕ ክትረኽብ ኢልካ ክትሓልሞ እውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ንሶም ንግሆ ንስራሕ ክወፍሩ እንከለዉ ኣትሒዞም እዮም፡ ብዝዕባ እታ ካብ ስራሕ ዝፍደሱላ ሰዓት ክሓስቡ ዝጅምሩ። ንዕኦም ስራሕ ክብረት ዘይኮኑ ከም መቕጸዒ ቦታ እዮም ዝጥምትዎ። ንባዕሎም ይቕጻዑ ከም ዘለዉ ስለ ዝሓስቡ እዮም ድማ ንዓማዊሎም ክቐጽዑ ዝኸውን ስክፍታ ዘይስምዖም።

ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ኣብ መውዳእታ እቲ ንሶም ዝሰርሕሉ ትካል እዩ ዝኸስር ወይ ስሙ ብሕማቕ ዝድወን። ክንዲ ዝኾነ፡ እቲ ትካል ንርእይቶ ዓማዊሉ ዝሰምዓሉ ፍልዩ ዝበለ መንገዲ ክፈጥር ይግባእ። ነቲ ርእይቶ ኣብ ግምት ኣእቲዩ ድማ ሰጉምቲ ኣብ ምውሳድ ድሕር ክብል ኣይግባእን። ተሓታትነትን ግሉጽነትን ዘይብሉ ትካል ኩቶ ኣደማዒ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ዝሰርሐን ዘይሰርሐን ብማዕረ ደሞዝ ዝኽፈል እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ከም ኣብነት ደኣ ኹዩ፡ እቲ ንጡፍ ስራሕተኛ እናሰልከየ ከም ዝመጽእ ዘማትእ ጉዳይ ኣይኮነን። ክንዲ ዝኾነ እዩ እምበኣር፡ ትካላት ዚ ጉዳይ ብዕቱብ ጠሚቶን ግቡእ መኣረምታ ክገብራሉ ዝግባእ።

ንጡፍ ስራሕተኛ ናብ ስራሕ መውፈሪኡ ምኽንያት ኣማእዚኑ ይፈልጦ እዩ። ብንጹህ ሕልና ተደሪኹ ጽፉፍ ስራሕ ክሰርሕ ከም ዘለዎ ኩቶ ነገሪ ኣየድልዮን እዩ። ጽፉፍ ስራሕ ከበርክት እንከሎ፡ ኣእምሮኡ እምብዛ ይቕስን።

ንሱ በቲ ደሮ ዝሰርሖ ኣይዓግብን እዩ። ወትሩ ንዝለዓለን ዝጸፈፈን ዕዮ ከበርክት፡ ገዛእ ርእሱ ኣብ ምምዕባል ሓርኮትኮት ይብል። ንዝመጽኦ ሓደሽ ቴክኖሎጂ ንምምላኽ ብውልቁ ይኹን ብትካሉ ንዝረኸቦ ዕድል ብግቡእ ይጥቀመሉ። ነቲ ዝረኸቦ ትምህርቲ ይኹን ፍልጠት፡ ናብ መስርሕቱ ከሰጋግሮ ድሉው እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ምስ መሳርሕቱ ይኹን ናይ ቀረባ ሓለፍቱ ዝህልዎ ዝምድና ብጸቡቕ ኣብነት ዝጥቀስ ይኸውን።

ነቲ ዘለና ግዜ ብቑዕ ማዕረ ግዜ ንርእዮ እንተ ኾይንና፡ ብዙሕ ጸሬት ወይ ኣድማዕነት ስራሕ ክንሓስብ ክኽእለና እዩ። ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ሰሙን 168 ሰዓታት ተዋሂቡና ኣለዋ። ኩላትና ግዱእ ነዘን ሰዓታት ብማዕረ ኣይንጥቀመለንን ኢና።


እቲ ምንታይሲ፡ ቀዳምነታትና ዝተፈላለዩ ስለ ዝኾኑ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንገለ ሰብ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነቱ ስራሕ ክኸውን እንከሎ፡ ንኻልእ ሰብ ምዝናጋዕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ገለ ሰባት ከኣ ቅድሚን ልዕልን ኩሉ ንድቃስ ዝሰርዑ ኣለዉ። ንሶም ንግዜኦም ብቐንዱ ብዙሕ ድቃስ ምጽጋቦምን ዘይምጽጋቦምን ዝመዝንዎ ኣለዉ። ዋላ ጸቡቕ ስራሕ ደርኪቡ፡ ምስ ሰዓታት ድቃሶም ዘይቃዶ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ነቲ ብሉጽ ዕድል ክጥንጥንዎ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ዓለምና መብዛሕትኡ ሰብ ኣብ ሰሙን 40 ሰዓታት ጥራይ እዩ ዝሰርሕ። ንገለ ሰባት 'ጥራይ' ዝብል ቃል ምጥቃመይ ዘይከውሓጠሎም ይኽእል እዩ። እዚ ኸኣ ኣነ እውን ዝጸበዮ ስለ ዝኾንኩ ኣይገርመንን እዩ።

ከም እቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ፡ ኣብ ሰሙን 168 ሰዓታት ኣለዋና። ካብ እዘን ሰዓታት 40 ናይ ስራሕ ሰዓታት ክንጉድል እንከለና፡ 128 ሰዓታት ተረፍ ኣለና ማለት እዩ። እዚ ውሑድ ሰዓታት ኣይኮነን በሃላይ ስለ ዝኾንኩ እየ - ነታ 'ጥራይ' እትብል ቃል ተጠቒመላ ዘለኹ።

ገሊና ሰኣን ብግቡእ ንግዜና ምጥቃምና፡

## ክብረት ስራሕ



ሰዓታት ድቃስን ምዝናይን ምሕር ዝወሓደና ዘሎ ኩይኑ ይስምዓና ኣሎ። ነቲ ክትድቅሱሉ ዝግበኣካ ግዜ ኣብ ምዝናይ - ምናልባት ከዕሶ እግሪ ኣብ ቴለቪዥን ክትርኢ፡ ኣብ ባር ክትሰክር ወይ ኣብ ለይታዊ ትልሂት እንተ ኣባኺንካዮ፡ ብርግጽ ድቃስ ኣይክትጸግብን ኢኻ። ድቃስ እንተ ዘይጸጊብካ ድማ ጽፉፍ ስራሕ ከተበርክት ከም ዘጸግመካ ከም ርዱእ ክወሰድ ይኽእል እዩ።

እቲ ንቐዳምነታቱ ንህይወቱ ብዝጥዕም መንገዲ ክሰርዕ ዝኽእል ሰብ፡ ኣብ ውልቃዊ ህይወቱ ይኹን ኣብ ስርሑ ክድምዕ ይኽእል እዩ ማለት ዘበት እዩ። ክንዲ ዝኾነ ነፍሲ ወከፍና ንግዜና ብዝግባእ ከማሓድሮ ግዴታ ወይ ሓላፍነት ከም ዘለና ክንፈልጥ ይግባእ።

ንግዜና ብኸመይ ንጥቀመሉ ከም ዘለና ኣብ ምፍላጥ ካብ ዝሕግዙና ሓደ፡ ዕለታዊ መዝከር ምጥቃም እዩ። እቲ ዕለታዊ መዝከር ዝጥቀም ሰብ፡ ንግዜኡ ብኸመይ ይጥቀመሉ ከም ዘሎ ብቐሊሉ መዓልታዊ ክግምግም ይኽእል እዩ።

ገለ ሰባት ብዝዕባ ኣጠቓቕማ ግዜኦም ዋላ ሓንቲ ፋዕራ ዘይብሎም ኣለዉ። እቲ ምሕር ዘደንጹ ድማ፡ እኹል ግዜ ብዘይምርካቦም ልዕሊ ሰቦም ዝማረሩ ወይ ዘንጸርጽሩ ምዃኖም እዮም።

ኣብ ሰሙን 40 ናይ ስራሕ ሰዓታት ከም ዘለዋ፡ ከም እኹላት ገይርና እስከ ንስማምዓለን። ብርግጽ ብግቡእ እንተ ሰሪሕናለን፡ ጽፉፍ ስራሕ ንኸበርክት እኹላት ክኾና ይኽእላ እየን። እቲ ሕቶ ዝመጽእ ግዱእ 40 ሰዓታትካ ብግቡእ ንስራሕ ኣለና ዲና፡ ዝብል ነጥቢ እዩ። ነፍሲ ወከፍና ነዚ ሕቶ ብቐንዕና እንተ ደኣ መሊስናዮ፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ህይወትናን ስራሕናን እንታይ ዓይነት ለውጢ ክንገብር ከም ዘለና በርሃው ኢሉ ክረኣየና ይኽእል እዩ።

ማክ ተሬዞ "ዝኾነ ዕዮ ስለ ዝሰራሕናዮ ዘይኮነ፡ ብፍቕሪ ስለ ዝሰራሕናዮ እዩ ተኣምር ዝበዝሖ።" ኢላ ነይራ። እምበኣር ፍቕሪ ስራሕ ኣለና ዶ፧

'ስራሕ ክብረት እዩ!' ጭርሖ ጥራይ ኩይና ክትተርፍ የብላን። ብዘተግባር ኣብ ባይታ ክተረጋገጽ ዘለዋ መምርሒትና ክትከውን ይግባእ። ንኣብነት ሓደ ስራሕተኛ ወጻኢ ኣገልግሎት ኣብ ግዜኡ ኣብ ቦታ ስራሑ ተረኺቡ ጽፉፍ ስራሕ ከበርክት እንተ ዘይክኢሉ፡ እቲ ክብሪ ቀሊል ክኸውን ኣይክእልን እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ እቲ ንሱ ከኣገልግሎም ዝነበሮም ዓማዊል እዮ፡ ኣብ ካልኦት ትካላት ዝሰርሑ እዮም። ንሶም ዓማዊልና ከኣ፡ ካልኦት ዓማዊል ከም ዘለዎም ወትሩ ኣብ ርእስና ክመጽኣና ይግባእ።

ንሶም ካልኦት ዓማዊል እንተበሎም ዘለና እውን እኒ፡ ካልኦት ዓማዊል ኣለውዎም። እቲ ኽሳራ እምብኣር ደረት የብሉን ክንብል ንኽእል ኢና። ክንዲ ዝኾነ ናብ ስራሕና ክንወፍር እንከለና፡ በዚ መንጸር ኢና ክንርእዮ ዘግባእ። በዚ መንጸር ምስ እንርእዮ ኢና ድማ 'ስራሕ ክብረት እዩ!' ንዝብል ጭርሖ ብዮውታ ክንጭርሖ ዝምሕረልና።

ሓደ ዓርከይ ኣሎ ናብ ዝኾነ ትካል ከይዱ ዘየሰልጦ። ብድሕሪ ብዙሕ ግዜ ነቲ 'ዘይምስላጥ' ከም ወህብ ክወስዶ ጀሚሩ። እቲ ሕማቕ ነገር ከኣ ኣብ ዝኾነ ትካል ከይዱ ወዘበ እንተ ሰሊጥዎ ክገርም ምጅማሩ እዩ።

"ኣብ ናይ ደቀይ ኣብያተ ትምህርቲ ኣኼባ ወለዲ ሰዓት 8 እዩ ዝጽውዑኻ። ቅድሚ ሰዓት ትሽዓተ ወይ ትሽዓተን ፈረቓን ዝጅምሩ ግዱእ ኣጋጢሞሙኒ ኣይፈልጡን እዮም። ኣብ ካልኦት መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላት እውን መብዛሕትኡ ግዜ ከምኡ እዩ ዘጋጥመኒ። ቀስ ብቐስ ነቲ ሽለልትነት ስራሕ ንለምዶ ዘለና ኩይኑ ይስምዓኒ ኣሎ።" ዝብል ርእይቶ ኣለዎ። ናትኩም ርእይቶኸ፧

*"ምስ ኣዕሩኽትኻ ዕርክነትካ ቀጽል። የግዳስ ምስ ክኢላታትን ብቑዓትን ስራሕ።" - **ርበርት ግሪን***

*"ንሰባት ነቲ ስራሕ ክሰርሕዎ ስለ ዝኽእሉ ጥራይ እንተ ቈጺርካዮም፡ ንገንዘብካ ክረኽቡ ክሰርሑ እዮም፡ ንኸም ናትካ እምንቶ ዘለዎም ስራሕተኛታት እንተ ቈጺርካ ግዱእ ንዓኻ ክብሉ ረሃጾም፡ ደሞምን ንብዓቶምን ከወፍዩ እዮም።" - **ሳይሞን ሲኔክ***

ይቕጽል

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ቢንጎ

*10 ጥሪ 2026*

ኣስመራ

ኣልማዝ ክትኣሪ ዝወፈረት እግሪ ጥንካረኣ ብማንም ዘዕየር ኣይኮነን። ሓያላት ሰባት ዝሓልሙዎ ዓቢ ሕልሚ፡ ጻዕርን ዓቕልኻ ዝፍትን ቃልስን ከም ዘድልዮ ቅድሚ ትልሚ ምትላሞም እዮም ዝፈልጡ። ነዚ ነገር'ዚ ኣጥዕየ ስለ ዝፈለጥኩ ድማ'የ ሕጂ እቲ ክረኽቦ ዝግብኣኒ ረኺበዮ ዘለኹ። ስለዚ፡ ብዓወተይ ኣይትሕረቕ፣ ኣይትሽርሽር። ናይ ሓይለቦኻ ጽዊርካ'ዩ ቅድሚ ቀዳማይ ዝስራዕ። ፍቕሪ ዝብሃል ከም ዘሎ ስለ ዘይፈለጥካ ግን ኵሉ ጻዕርኻ ብዜሮ ረቢሑ። ንስኻ ተሰዓሪ ኣነ ከኣ ሰዓሪት ኰይነ፣ ቢንጎ!

ኣርሞር (ሳማራ)

## ኣሳልየኒ

*04 መስከረም 2015*

*10 ፡ 30 ድ.ቕ.*

ብጸይተይ ከመይ ኣለኺ። ኣብ ናይ ዕረፍቲ ሰዓታት ኰይነ'የ ዝጽሕፈልኪ ዘለኹ። ገዛ ክሳዕ ንበጽሕ ዓቕሊ የብለይን። "ሕራይ'ዩ ዝብሃል፡" ስለ ዝበላኒ'የ ፍቕሪ ጀሚርና። ኣነ ግን ኣካይዳና ኣይተረድኣንን ዘሎ። እዛ ግጥሚ ብናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ሰዲደሉ ኣለኹ። ሰናይ ለይቲ።

ቈልዓ'የ ገና እግሪ ተኸሊ.
ከይከውን ዝኣተኹዎ ብሃውሪ
ኣሳልየኒ ኣብቲ ጉዕዞ ፍቕሪ!

ሩት ኪሰሪ (ሳማራ)

## ዝግ



*02 መጋቢት 2026*

ዋጭ ዋጭ ኣብ ዝበዝሓሉ
ደሮና ኣብ ዝዕብሉኹሉ
ሓማዩ ኣብ ዝዕምሩሉ
ሰብ ኣፍ ኣብ ዝበልሑሉ
ዝግ ደኣ በል መንፈሰይ
ግዜ ኣሎዎ ባዕሉ።

ብሌን ግርማይ

## ስምዒታት ዝበሉዎ

*16 ለካቲት 2026*
*06 ፡ 10 ድ.ቕ. – እግሪ ፎርቶ*



ብፍቕሪ ተጠላቕየ። ካን ሕሱም ትርኢት። ፍቕሪ የጠላቑ ድዩ ኣየጣላቕን ኣብዛ ነብሰይ ኣይፈተንኩዎን። ብዕድል። "ከውሒ ልቡ፡" ክብሉኒ ከለዉ ዝጸልኣ ዝነበርኩ፡ "ፍቕሪ ጎፍ ኣይበለንን እምበር ከም ሰበይ'ዩ ልበይ፡" ዝብሎ ዝነበርኩ፡ ንፍናን ምስ ርኣኹ "እንቋዕ ኰንኩ፡" ክሳብ ዝብል'የ ኰይነ። ከምዚ ኢልካዶ ወደይ ናብ ትሕቲ ዜሮ ትምለስ ኢኻ። እቲ ሓያል ሰብከ ከምዚ ኢሉ ርኹምሽ ይብል ድዩ፤ እቲ ጸግዒ ሰብ፡ ዓንዲ ማእከል ናይ ብዙሓት ፈተውቱን ፈለጥቱንከ በዚታት ሃሙን ቀልቡን ክጠፍኦ፤ ኣመና'ዩ ደንጽዩኒ ዘሎ።

"ፍቕርኺ ሒዙኒ፡ ገይሩኒ ዕዋኖ/ ዝገብሮ ኣይፈልጥን ዝኸዶ/ ኣንቲ እንታይ'የ ዝኹኖ ...፡" እናበለ ለይቲ ለይቲ ዝደርፍ ዝነበረ መታዓልምተይ ተዘከረኒ'ኳ።

ኣነ ኣየብቲ ኣየብቲ እንታይ ኢለ ክመኽሮ፣ ዘምዘም እናመዓደቶ እንከላ ግን ኣብ ጐድኖም ነይረ። ንሱ ብዛዕባ ኣፍቃሪቱ (ዘፍቅራ ጓል ዝብል ኣፍ'ዩ) ክዛረብ ውዒሉ ስለ ዝሓድር፡ ዘምዘም ዘይኣመላ ዓቕሊ ገይረ ሰሚዓቶ። ሰዓታት'ዩ ተዛሪቡ። እቲ ንፈልጦ ካብ ምዕራፍ 2020 ፈለማ ሌላ ክሳብ ምዕራፍ 2026 ሰሚዕናዮ። ዘፍቀረ ዋላ እናተቐንዘወ ዋላ ብዕላል ኣብ ዙርያኡ ክትህሉ'ዩ ዝደሊ. መስለኒ። ኣይምነዋ ዘምዘም ብዙሕ ኢላቶ፡ ትሰምዕ ልቢ ተላቶ።

ንሱ ከዕልላ እንከሎ፡ ኣብቲ ሕንቕንቕ ዝብሎ፡ "ኦፋ!" ትብሎ፣ ዘረባ ገዲፉ ትም ክብል እንከሎ ቀኒና ዓይኒ ዓይኑ ክትርኢ ጸኒሓ "ኦፋ!" ትብሎ፣ ናይ ዘምዘም "ኦፋ!" እፈለጣ'የ። ስዒባ ገለ ከም ትምልእ ፍሉጥ እዩ። እቲ "ኦፋ" ትብሎ ነቲ ምስኣ ዘሎ ዘይኰነ ነቲ ምስ ነብሳ እትዛረቦ፡ ወይ ነቲ በቲ ትሰምዖን ትዕዘቦን ዝሰምዓ እያ ግብረ መልሲ ትህበሉ።

"ዝስምዓኒ ዘሎ ክነግረኪ ኣይክእልን፡" ኢሉ ክዳን ኣፍልቡ ክቐድድ ምስ በለ ናይ ዘምዘም ሳልሰይታ "ኦፋ" መጺኣ፣ ግድን ሰዓቢት ኣላታ።

"ኦፋ! ክጽልኡኒ፡" በለት።

"መን'ዮም፤" ጠብሎቐ በልኩ።

"ስምዒታት ኣታ!" ኣዒንታ ንብዓት ዘቕበበ።

ለከመመከ ይብል ... ኢለ ብድድ ኢለ ገደፍኩዎም። ክልተኦም ቀስሎም እናተጐዳድኡ ፊቕ ይበሉ እምበር። ዘይነበረኒ ከኣ ከየምጽኡለይ ጓለይ።

ኰሑላይ - ታይ ብሃላይ
ሰገነይቲ

## ከዋኒ ካብ ማዕዶ

*06 መጋቢት 2024*

ዓመተይ ድሕሪ ምብዓለይ KD ካብ ኣዲስ ኣበባ ክትድውለለይ ክጽበየ ውዒለ። ክደፍር ምሽ! ኣብ ሰደት ከላስ ንዓመተይ ኢላ ክትድውል ተጸብየ፣ ... ሃሃሃ። ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ክትድውል ከላ "ሃፒ በርዝ ደይ" ትብለኒ'ዩ መሲሉኒ ነይሩ። እታ ካብ ሕጽቦ ክዳን ኣቋሪጸ ዝተቐበልኩዋ ተለፎን ግን ሓጻር ነይራ።

"እንታይ ኣሎ ሕድሽ ነገር፤" ሓቲታ።

"ዋላ ሓንቲ፡" ኢላያ። ዝኾነ ዝጀመርኩዎ ዝምድና ከይህሉ'ዩ። ከም ቀደም ብዙሕ ኣየዕለለናን።

ድሕሪ ወርሒ ለካቲት ካብ ስራሕ እናተፈደስኩ ደዊላትለይ። ኣብታ መጀመርታ "እንታይ ኣሎ ሕድሽ፤" ክትብለኒ ከላ፡ 'ዝሓለመትለይ ወይ ዝኾነ ብዛዕባይ ዝተራእያዶ ሃልዩ ሃለዋተይ ክትገብር ደለያ፡' እየ ኢለ። ኣብዛ ዳሕረወይቲ ደወል ግን፡ ሰብኣይ'ያ ኣማጺኣትለይ፣... ሃሃሃሃሃሃሃሃ።

መስሓቕ'ዩ። እቲ ንዓመታት ክትጽበዮን ክትደልዩን ዝጸናሕካ መሰንገለኡ ኌንካ፡ ባዕልኻ ከይተራኸብካ ብሰብ ተላሊኻ መባልይቲ መቋርብቲ ምኳን የስሕቐኒ'ዩ። ብዝኾነ ብዕላሉ፡ ንኣይ ዝኸውን ሰብ'ዩ ኢላ'ያ ሓሲባ። ብዛዕባይ ኣዕሊላቶ። ክንላለ ፍቓደኛ እንተ ኰይነ ድማ ተለፎነይ ክትህቦ ፍቓድ ክትሓትትን ብዛዕባ'ዚ ከተረድኣንን እያ ደዊላ። ካብ ምምጻእ ዘይምምጻእ ንላዕሊ ጉዳይ፡ KD ብዛዕባይ ከም እትሓስብን ኣብ ጸሎታ ዋላ ከም ትዝክረንን ሓሲበ በቲ ዝፈልጦ ተገዳስነታ ደስ ኢሉኒ። ናፊቐኪ KD ሸኮር፣ ኣብ ዘለኽዮ ሰላምን ቅሳነትን'የ ዝምነየልኪ። ተገዳሳነትን ቅንዕናኽን ኵሉ ይድነቐሉ'የ።

ጉዳይ እዚ ወዲ ምዕላል ኣይረሳዕኩዎን። ዝሓለፈት ዓርቢ ድሕሪ ሰለስተ ዝፈሸላ ደወላት ተራኺብና። እተን ቀዳሞት ክልተ እንታይ ኢለ ከም ዘዕልሎ ስለ ዝጠፍኣኒ'የ፣ እታ ሳልሰይቲ ድማ ክቕበላ ኣናበልኩ ቀዲማትኒ ተዓጽያ።

መቸም ድሕሪ'ዚ ዝነበረ ደወል ተቐቢለ ከዕልል ክፍትን ከለኹ ማራ'ዩ ከቢዱኒ። "ኣይሰምዓካን ኣለኹ፣ ትሰምዓኒ ኣለካ፤" እናተበሃሃልና ቀዳማይ ደወል ወዲኣ ካልኣይ ዲጊሙ ደዊሉ። ተራኺብና ምፍታውን ምጽላእን እሞ ይትረፍ፡ ምችእ ኢሉኒ ከዕልል



ወይ ክላለ ኣይከኣልኩን። ብተለፎን ኢንተርነትን ዝመጽእ ምልላይ ዘይለመድኩዎ ስለዝኾነ ከቢዱኒ'ዩ። ብቐምነገር እምበር ዘዕልሎም መሓዙትሲ ነይሮም እዮም። ብዝኾነ ድሕሪ'ዚ ኣይደወለን ዘሎ። ምድዋል ከም ዝኸብድ ኢንተርነት ክጥቀም'ዩ ብጎቦ ጎቦ ኣተንቢሁለይ። ንለባም ኣምተሉ ... ገይሩዋ። ኣብዛ ሕጂ ሰዓት ስምዒተይ ክነግረኪ፡ ክኸብደኒ'ዩ። ዝንገር ስምዒት ስለ ዘይብለይ እምበር ተሰኪፈኪ ኣይኰንኩን።ጥራይ ምፍላጥ ሌላ'ዩ። ጽባሕ'ውን ከምዚ'ዩ ኣይብለክን፡ ናታ ስለ ዘሎዋ። ኣገጣሚታት ዝተመልኣት ህይወት እንታይ ሓድሽ ቅዲ ከውጽኣላ'የ!

ኣየ ኣማኒኤል

## ኣነ ዝብሎስ ኣይግበሮ ደኣ

*12 መጋቢት 2023*

ኣካልተይ ብድኻም ተሰኒፋ ኣሎ። ርእሰይ ከኣ ማዕረ ማዕረኡ ርብሽ ርብሽ ይብል። ደጋጊመ'የ ተንቀሳቓሲት ተለፎነይ ዝሕዝ፣ ቍጽርታት ይጥውቕ፣ ናይ ደውል ድምጺ ይሰምዕ፣ ግን ዘልዕላ ዘይብላ ደዊላ ትውድእ።



"ዝደወልኩሙሉ ዓሚል መልሲ ክህብ ኣይክኣለን፡" ክትብለኒ ዝወዓለት ወይዘሪት፡ ዝስልከያ እያ ትመስል "ይቕሬታ ... ዝደወልኩሙሉ ዓሚል ኣይተረኽበን፡" ምባል ካብ ትጅምር ነዊሕ ገይራ ኣላ፣ ሓሳባተይ ካብ ዝፈራረቕ ከኣ ነዊሕ ገይሩ።

ኣብ ገዛና ውራይ ኣሎ። ኣይበላዕኩን ኣይሰተኩን ኣለኹ። ኩብደይ ዘይኩነ ግን ልበይ ጥምየት ተሰሚዑዎ። ኣብ ክንዲ ቍርሰይ፡ ኣብ ክንዲ ምስሓይ ደሃይካ እዩ ዘርውየንን ዘጽግበንን። መኽሰበይ ድሓን ክትኮነለይ እዩ ድልየተይ። ልበይ ኣብ ቀረባያ። ኵሉ'ዩ ዘሰንብዳን ዘሻቕላን።

ከምዚ ገለ ክውን ዝበልካ ኰይኑ ተሰሚዑኒ ኣሎ። 'ሰብይትኻ ትብሎ ይግበረልካ፡ ኣደኻ ትብሎ ኣይግበረልካ' ትብል ምስላ፡ ኣብዛ ዘለኹዋ ህሞት፡ ኣደካ እንታይ ትሓስብ ከይተመራመርኩ ንኣይ ክጥዕመኒ ገልቢጠያ ኣለኹ። ኣነ ዝብሎስ ኣይግበሮ ደኣ።

እታ ለው ለው ትብል መልሓሰይ፡ ኣብ መንጎ እዚ እኩብ ሰብ ተለኺታ ተተመሊሰ ኣብ ሓሳብ ይሸመም። "ኖኖ ጸጽብቑ ሕሰቢ ነብሰይ!" ኢለ ናብ ውነይ እምለስ። እታ ድምጽኻ ንምስማዕ ኣይፋል ኢላ ዘቕበጸት ሞባይለይ ደሃይካ እንተ ኣሰሚዓትኒ ናብ ንቡር ከም ዝምለስ ግን ርግጸኛ እየ። እስኪ እስኪ ሞባይል ገለ ድምጺ ትገብር ኣላ፣ ኡፍፍፍ ተመስገን! "ፍቕረይ ዘለኹዎ ቦታ መስመር የብሉን ኣብ ዝጠዓመኒ ባዕለይ ክድውለልኪ እየ ኣይትሻቐሊ፣ ኣፍቅረኪ'የ!" ነዚ ምስ ኣንበብኩ መንፈሰይ ተመሊሱ። ገጸይ ኣሻቡ ከም ዝበርሀ፡ በቶም ፍሽኽታይ ደስ ኢሉዎም ፍሽኽ እናበሉ ዝተቐበሉኒ ሰድራይ'ዩ ተፈሊጡኒ።

ፌሩዝ እስቲፋኖስ
ሜካ -74 ጉጅለ ባህሊ ኣሉሊ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ፕ/ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሃገሩ ንዝካየድ ዘሎ ሰልፌ ኣመልኪቱ መጠንቀቕታ ሂቡ




ፕረዚደንት ደቡብ ኣፍሪቃ ሰረል ራማፎሳ፡ ኣንጻር ስደተኛታት ናይ ተቓውሞ ሰልፌ ዝካየዱ ዘለዉ ዜጋታት ናይ'ታ ሃገር፡ ተቓውሞኦም ብዘይ ዝኾነ ጎጽ ክካይዱዎ ከም ዘለዎም ኣጠንቂቑ።

እቲ ፕረዚደንት ዝ. መጠንቀቕታ'ዚ ዝሃቦ ሕጋዊ ሰነድ ዘይብሎም ወጻእተኛታት ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ክወጹኡ ካብ ዝተወሰኑ ዘይወግዓዊ ገደብ ግዜ ቅድሚ ሓደ መዓልቲ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት፡ ብኣሽሓት ዝቐጸሩ ዜጋታት ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ግፍዒትን ዓመጽን ብምስጋእ ካብ'ታ ሃገር ክወጹ ምጽንሖም ይፍለጥ።

ካብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣትሒዙ ኣብታ ሃገር ተቓውሞታት ኣንጻር ስደተኛታት እናሓየለ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ራማፎሳ ነቶም ሰልፈኛታት ብሰላማዊ መንገድን ብሓላፍነትን ተቓውሞኦም ክገልጹ ብተደጋጋሚ ክምዕድ እኳ እንተ ጸንሐ፡ ኣብ ሕግታት ሰደተኛታት ግን ምምሕያሻት ክግበር ከም ዘድሊ ክገልጽ ምጽንሑ ኣይርሳዕን።

እቲ ፕረዚደንት ኣብ'ቲ ዝተገብረ ሰሙናዊ ናይ ጽሑፍ መልእኽቱ፡ ገሊኦም ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝነብሩ ወጻእተኛታት ብሕጋዊ መንገዲ ዝኣተዉ ምዃኖም ኣዘኻኺሩ።

"እዚኣቶም ይሰርሑ፡ ይመሃሩ፡ ስድራቤት ይምስርቱ፡ ኣብ ቀጠባና ወፍሪ ይገብሩ፡ ከም'ኡ'ውን ኣብ ሕብረተሰብና እወታዊ ኣበርክቶ ይገብሩ እዮም ዘለዉ። ብሕግታትናን ቅዋምናን ዕቑባ ናይ ምርካብ መሰል'ውን ኣለዎም" ኢሉ።

ቀጺሉ፡ "እቲ ናይ ምቅዋም መሰልን ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነትን ንኻልኦት ሰባት ንምድፍፋእ፡ ንምፍርራሕ ወይ ድማ ኣብ ተግባራት ዕንወትን ዓመጽን ክውዕል ኣይግባእን እዩ" ክብል ጸሒፉ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ሕጋዊ ሰነድ ዘለዎም ልዕሊ ሰለስተ ሚልዮን ወጻእተኛታት ይነብሩ።

ኣብ 2008፡ ኣብታ ሃገር ኣንጻር ወጻእተኛታት ዜጋታት ኣብ ዝተላዕለ ናይ ዕግርግር ማዕበል ልዕሊ 60 ሰባት ከም ዝሞቱ ናይ ሽዑ ጸብጻባት የመልክቱ።

## እስራኤል፡ ንቤት ጽሕፈት ማሕበር ግብረ ሰናይ ትዓጹ

ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል፡ ኣብ ዝተጐብጠ መሬት ምዕራባዊ ገማግም - ከተማ ናብሉስ ንዝርከብ ቤት ጽሕፈት ማሕበር ግብረ ሰናይ 'ኢታዳሙን' ትማሊ ሰሉስ ከም ዝዓጸዋ ተሓቢሩ።

እቲ ሚኒስትሩ እቲ ማሕበር ግብረ ሰናይ ንሽበራ ከም ዝድግፍ ብምግላጽ እዩ ነቲ ናይ ምዕጻው ስጉምቲ ወሲዱ ዘሎ።

ሓይልታት እስራኤል ወጊሐታ ወተሃደራውን ናይ ጸጥታን መካይን ሒዞም ናብ'ታ ከተማ ድሕሪ ምእታዎም፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ማሕበር ወሪሮም ብምእታው ንብረት ናይቲ ቤት ጽሕፈትን ኣብ መኽዘን ዝነበረ ንጽገማት ሰድራ ቤታት ዝዓለመ ሓገዛትን ከም ዝዘመቱ፡ ምንጪታት ናይቲ ከባቢ ሓቢሮም።



ኣመሓዳሪ ከተማ ናብሉስ ጋሳን ዳግላስ፡ እስራኤል ንድኻታትን ዘኽታማትን ኣገልግሎት ዝህብ ትካላት ግብረ ሰናይ ዒላማ ብምግባር እትኽተሎ ዘላ ዘይቅርዑይ ፖሊሲታት ከም ዘይዕወት ኣረዲኡ።

ኢታዳሙን ንዝተጸገሙ ሰድራ ቤታት ናይ ምድጋፍ ነዊሕ ታሪኽ ዘለዎ ማሕበር ምዃኑ ዝገለጸ እቲ ኣመሓዳሪ፡ እቲ እስራኤል ወሲዳቶ ዘላ ስጉምቲ፡ ሓገዝ ናብ ነበርቲ ናይቲ ከባቢ ከይበጽሕ ክኽልክል ከም ዘይክእል ሓቢሩ።

ዳይረክተር ማሕበር ሕክምናዊ ረድኤት ናብሉስ ጋሳን ሓምዳን ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "እቲ ምዕጻው ብዓይነቱ ናይ መጀመርታ ዘይኮነ፡ ኣካል ናይ'ቲ እስራኤል ንሕብረተ ሰብ ፍልስጤም ኣገልግሎት ዝህብ ትካላት ዒላማ ገይራ እትገብሮ ዘላ ምንቅስቓስ እዩ" ኢሉ።

## "ስርዓተ ሕክምና ቬንዙዌላ ጸቕጢ ኣጋጢምዎ" ተባሂሉ



ስርዓተ ሕክምና ቬንዙዌላ፡ ኣብ ትሕቲ ልዑል ጸቕጢ ከም ዘሎ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ትማሊ ሰሉስ ኣፍሊጡ።

እቲ ውድብ ዝ. ዘፍለጠ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብታ ሃገር ድሕሪ ዘጋጠመ ማዕታ ሓደጋታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ ገለ ሆስፒታላት ከም ዝዓነወን ሓያሎ ሰራሕተኛታት ድማ ደዋም ከም ዝጠፍኦን ድሕሪ ምግላጹ እዩ።

በቲ ዝሓለፈ ሰሙን ዘጋጠመ 7.2ን 7.5ን ሬክተር ስኬል ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ኣማኢት ህንጻታት ብምፍራሶም ልዕሊ 1,700 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ኣስታት 5 ሽሕ ድማ ከም ዝቖሰሉ ይፍለጥ።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ ባህርያዊ ሓደጋታት ብውሕዱ ሰለስተ ማእከላት ጥዕና ምሉእ ብምሉእ ክዓንዋ እንከለዋ፡ ካልኦት ሽዱሽተ ድማ ብኸፊል ጥራይ ይሰርሓ ከም ዘለዋ፡ ኣፈኛ ውድብ ጥዕና ዓለም ክርስቲያን ሊንድሜየር ኣብ ጀኒቫ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ሓቢሩ።

እተን ዝተረፋ ማእከላት ጥዕና ድማ ኣብ ትሕቲ ርኡይ ጸቕጢ ይቕጽላ ከም ዘለዋ፡ ነቲ ኣብ 21 ትካላት ጥዕና ዝተገብረ መጽናዕቲ ብምጥቃስ እቲ ኣፈኛ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ኣብ ቬንዙዌላ፡ እቶም ብሰንኪ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝተመዛበሉ ኣሽሓት ነበርቲ፡ ምስቲ ዘሎ ትሑት ሽፈነ ክታበት ንከም ብዓል 'ዴንጊ' ዝኣመሰሉ ተላባዕቲ ሕማማት ተቓሊዖም ከም ዘለዉ ይሕበር።

## ኣብ ናይጀርያ ተመሃሮ ተጨውዮም

ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ክፍለ ሃገር ቦርኖ - ናይጀርያ፡ ቁጽሮም ብልክዕ ዘይተፈልጠ - ፈተና ካልኣይ ደረጃ ዝወስዱ ዝነበሩ ተመሃሮ ከም ዝተጨወዩ፡ ሰብ መዚ ናይ'ታ ክፍለ ሃገር ገሊጾም።

እቲ ጭውያ፡ ትማሊ ሰኑይ ንግሆ ኣባላት ጂሃዳዊ ጉጅለ ምዃኖም ብዝተጠርጠሩ ዕጡቓት ኣብ ላሳ ኣብ ዝርከብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ከም ዝተፈጸመ፡ ሰራዊት ናይጀርያ ሓቢሩ።



ኣፈኛ ሰራዊት መሓመድ ኻ፡ እቲ ሰራዊት ብዝካየደ ቅልጡፍ ስርሒት፡ 10 ካብ'ቶም ዝተጨወዩ ተመሃሮን መማህራንን ከም ዝደሓኑ፡ ዝተረፉ ግዳያት ንምድሓን ድማ እቲ ስርሒታት ምድላይ ገና ይቕጽል ከም ዘሎ ገሊጹ።

ምስ'ቶም ዕጡቓት ኣብ ዝካየደ ጽዑቕ ምልውዋጥ ተኹሲ ድማ፡ ሓደ ወተሃደርን ሓደ ሲቪልን ከም ዝተቐትሉ፡ እቲ ኣፈኛ ኣብ ሓበሬታኡ ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ሰራዊት ኣብ ልዕሊ እቶም ዝሃደሙ ኣሸበርቲ ጉድኣት ከም ዘውረደን ሸውዓተ ካብ ሞተር ብሽክለታቶም ከም ዝሓዘን ገሊጹ።

ኣብ ናይጀርያ፡ ንመብድልቲ ተባሂሎም ብዕጡቓት ጉጅለታት ዝፍጸም ጭውያ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ይኸይድ ከም ዘሎ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ጋና - ብሓደጋ ዕልቕልቕ ሰባዊ ክሳራ ወሪዱ



ኣብ ኣክራ - ርእሰ ከተማ ጋና ብርቱዕ ዝናብ ብዘስዓቦ ሓደጋ ዕልቕልቕ ብውሕዱ 13 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ሰብ መዚ ሲቪላዊ ድሕነት ናይ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ኣገልግሎት ሜትሮሎጂ ናይ'ታ ሃገር፡ እቲ ሓያል ዝናብ ገና ክቕጽል ምዃኑ ተተንብዩ ብምህላዉ ድማ፡ ነበርቲ ኣብ ውሽጢ ኣባይቶም ክጸንሑ ወይ ናብ ዝበረኸ ቦታታት ክግዕዙ፡ ሰብ መዚ መንግስቲ ኣተሓሳሲቦም ኣለዉ።

ብፍላይ እቲ ልዑል ለጠቕታ ዘለዎ ከባቢታት ብኸቢድ ከም ዝተሃስየ ዘመልከቱ ጸብጻባት፡ ፖሊስ፡ ኣገልግሎት መጥፋእቲ ሓዊ፡ ወተሃደራትን ካልኦትን ዝርከቡዎም ጉጅለታት ህጹጽ ረድኤት ናብ'ቲ ብዕልቕልቕ ዝተሃስየ ዞባ ተዋፊሮም ከም ዘለዉ ኣረዲኦም።

ክሳብ ሕጂ ድማ ልዕሊ 470 ሰባት ከም ዝደሓኑ፡ እቶም ሰብ መዚ ሲቪላዊ ድሕነት ገሊጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ ዕልቕልቕ ኣብ'ታ ከተማ ኣብ ዝርከብ ፋብሪካ ጎማ እውን ሓደጋ ባርዕ ከም ዘጋጠመ ተሓቢሩ።

ኣክራ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ቅልጡፍ ዕብየት ዘመዝግባ ዘለዋ ከተማታት ኣፍሪቃ ኮይና፡ ልዕሊ ኣርባዕተ ሚልዮን ህዝቢ ከም ዘለዋ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት።